መበል 23 ዓመት ቁ. 330 27 ሓምለ ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሰንበት

ገጽ 2
ብዛዕባ መግቢ . . .


ገጽ 4
ተኹላ ከተማ

ገጽ 5
ስለምንታይ ኢና ኣብ ግዜ ሕርቃን ዓው ኢልና እንቋየቑ?


ገጽ 6
“ሓደ በጻሒ (TOURIST) ዝቐለለ መሐበራትኡ ክረክብ ኣለዎ!”
ዳንኤል ገብረሚካኤል ኣባይ

ገጽ 7
ሚካኤል - ተወላዲ ኣብ ስፖርትን ሕክምናን


# ዝዓበየ በራሪ ሓሸራ ተረኺቡ

ቻይናውያን ተመራመርቲ ሰሩ እንስሳ፡ ዝዓበየ በራሪ ሓሸራ ከምዝረኸቡ ገሊጾም።

እቲ ሓሸራ ካብ ገምጦ ኢድ ወዲ ሰብ ከምዝዓብን 21 ሴንቲ ሜትር ዝዝርጋሕ ኣኽናፍ ከምዝዎን ደሙ መርገብ ሓበሬታ ሚረር ኣረዲኡ። ኣብ ዞባ ሽሹዋን ምስተረኽበ፡ ኣብ ቤተ መዘክር ምዕራብ ቻይና ድሕሪ ዝተኻየደሉ ምርምር ከኣ፡ ዛጊት ኣብ ዓለምና ካብ ዝተፈልጡ ዓሌታት ሓሸራ እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝተረኽበ ዝዓበየ ምዃኑ ዝተገልጸ ሓሸራ 19 ሴንቲ ሜትር ናይ ክንፊ ዝርግሐ ዝነበሮ እዩ። በዚ ከኣ፡ እዚ ናይ ሕጂ ሓሸራ ክልተ ሴንቲ ሜትር በለጹ ክብረወሰን ሒዙ ኣሎ።

ዓበይቲ ሓሸራታት ኣብ ቻይና፡ ህንድን ቬትናምን ብብዝሒ ዝረኣዩኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ዞባ ሽሹዋን ግን ሕጂ እዩ ንፈለማ ግዜ ዝርከብ ዘሎ።

እቲ ሓሸራ ንበኩል ማይ ኣዝዩ ተኣፋፊ ብምዃኑ፡ እቲ ንሱ ዝርከቦ ከባቢ ኣዝዩ ጽሩይ ማይ ከምዝለዎ ዝሕብር ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ኣረጋጊጾም።

እቲ ሓሸራ ተናኻሲ ብዛዕባ ምዃኑን ዘይምዃኑን እቲ ምንጪ ዝሃቦ ሓበሬታ የለን።



# ካብ ሰእልታት ናይዚ ሰሙን'ዚ




ኣብ ዞባ ጉጃራት ናይ ህንዲ እዩ። ዓርሞሸሽ ገበል ንዒጋዜን ምስ መሓውራ ይኸልሶ፡ ብወዝቢ ምስቲ ኩነታት ጎፍ ንጎፍ ዝተራኸበ ወዲ'ቲ ከባቢ ናብ ድሕነት እንስሳታት ዝቆታተል ሓደ ትካል ደዊሉ ሓበሬታ ይህብ። ኣባላት ናይቲ ትካል ከኣ ካሚራን ካልእ ሰጥቅታቶምን ጸዒናም ኣብቲ ቦታ ይበጽሑ። ኣብቲ ቦታ ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን እቲ ገበል ደርዮ 80 ሚእታዊት ኣካላት ናይታ ዒጋዜን ናብ ወሽጡ ኣእትዩዎ ነይሩ። እዚ ኩሉ ኣብ ሓደ ሰጣሕ ግራት ናይ ሓደ ሓረስታይ እዩ። ተቐማጦ ናይቲ ከባቢ በብሓደ ናብቲ ቦታ ፍጻመ ክውሕዙ ጀሚሮም። ኣብ ወሽጢ ሓጺር ግዜ ከኣ ብዙሕ ሰብ ተኣከበ።

ሰቦት፡ ብፍላይ ከኣ ህጻናት ከይብልዓሎም ስለዝሰግኡ ከኣ፡ ብዙሓት ካብኦም ኣብኡ ዝተኣከቡ ደቂ'ቲ ከባቢ ነቲ ገበል ክቐትልዎ ደለዩ። ክቐርብዎ ምስጀመሩ ግን፡ እቲ ገበል ነታ ኩሉ ኣካላታ ክትውሓጥ ጫፋት ኣእጋራ ጥራይ ተሪፍዋ ዝነበረ ዒጋዜን ብሓይሊ ተፊኡ ናብ ባይታ ወርወራ።

እቶም ሓረስቶት ከምዝረድእዎ፡ ገበል ክሃድሙ እንተኾይኖም፡ ዝውሓጥዎ ነገር ክተፍእዎ ኣለዎም። ምኽንያቱ፡ ክብደት ወሲኹ ምጉያይ ስለዘሸግሮም።

ብድሕሪዚ እቶም ኣባላት ድሕነት እንስሳታት እቶም ሓረስቶት ነቲ ገበል ንኸይቀትልዎ ስለዘእመንዎም፡ ምሒሮምዎ። ግን ሒዞም ናብ ሰብ መዚ ክፍሊ ጫካ ኣረኪቦምዎ። ንሳቶም ከኣ ርሕቕ ኣብ ዝበለ ጫካ ፈንዮምዎ። ጭሮራኡ እናወዛወዘ ከኣ ናብ ናጽነቱ ተመርቂፉ።




# ኣብ ሓንቲ መስማር ክድቅስ ዝኽእል ሰብኣይ

መሰምርን ካልእ በሊሕቲ ነገራትን ተኸሊሎም፡ ኣብኡ ዝድቅሱን ዝነብሩን ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን። ናይ ሃርሊ ነወማን ግን ኪናኦም ዝኸፈ እዩ።

ንሱ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ዝነበር ወዲ 67 ዓመት ኣቦ እዩ። መሰምር ምድቃስ ቅድሚ 30 ዓመታት እዩ ጀሚርዎ። ሕጂ ግን ኪናኦም ክፈጽሞም ደልዩ። ኣብ ሓንቲ 25 ሴንቲ ሜትር ቁመት ዘለዋ መሰምር ክድቅስ ወሲኑ። ድሕሪ ብዙሕ ፈተነታት ከኣ ክገብራ ክኢሉ። ከምኡ ክገብር ከሎ፡ ምሉእ ኣካላቱ ኣብታ መሰምር ጥራይ እዩ ዝድገፍ። ክሳብ ሚዛን ዝሓሉ ብኣእዳዉን ኣእጋሩን ዝሕዝዎ ሰባት ኣለዉ። ምስተመዓራረየ ግን፡ ፈንወኒ ይብሎም እሞ፡ እታ መሰምር ንበይና ትስከሞ። ከመይ ኢላ እያ ሕቖኡ ዘይተኣትዎ ንሱ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ። “ሃሳቡ ክኸውን ይኽእል እዩ። እኳ ደኣ ኣዝዩ ሃሳቡ ክኸውን ይኽእል። እቲ ሕቶ፡ ኣነ ኣብ ርእሰይ ከመይ ገይረ የመሓድሮ እየ” ይብል እቲ ናብ እርጋን ገጹ ዝኸደ ኣቦ።

ንሱ ብዘይካ'ዚ፡ ሓዊ ምብላዕ፡ ኣብ ብሉሕ ናይ ሰበር ጠራሙስ ምስጓም፡ ከምኡ'ውን ንቬንቲለተር (መርወሓ) ብመልሓሱ ደው ምባል የዘውትር እዩ። ናይዚ ኩሉ ምስጢር እንታይ ምዃኑ ክገልጽ እንከሎ፡ “ሰባት ህጻናት እንከለዉ ካብ ሕብረተሰብ ዝማሃርዎ ናይ ቃንዛን ውድቀትን ፍርሒ ኣሎ። ዝ ፍርሒ'ዚ ንኸደኒ ክትድርብዮ እንተደኣ ክኢልካ፡ ኩሉ ነገር መሊኺዩ ኣለኻ” ይብል'ሞ፡ “ህጻናት እግሪ ክተኽሉ ከለዉ ምውዳቖን ምትንኻእን ኣየቋርጹን እዮም። ሰቕ ኢሎም እዮም ዝቕጽልዎ። ደሓር ግን ዓቢ ሰብ ይመጽእ'ሞ፡ 'ከምኡ ኣይትግበር፡ ክትወድቕ ኢኻ፡ ክትስበር ኢኻ' ምስ በሎም ፍርሒ ይመጾም። በዚ ምኽንያት እግሪ ክተኽሉ ዝኽእሉ ይደናጐዩ” ክብል ኣረዲኡ።



ዜና ሰንበት - የማነ ሃይለ

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## በዶሎጂ

## ብዘይ መግቢ ክንደይ ክንጸንሕ ንኽእል?



ብዘይ መግቢ ንኽንደይ እዋን ክንጸንሕ ንኽእል ዝብል ሕቶ ኣብ ብዙሓት ረጃሒታት ዝምርኮስ እዩ። ካብ ኵሎም ዝዓበየ ግደ ዘለዎም ረጃሒታት ከኣ ድልየትን ጽንዓትን እዮም። ንገለ መዓልታት ብዘይ መግቢ ዝጸንሑ ሰባት ንፈልጥ ንኸውን ኢና። ንኣብነት ማህተማ ጋንዲ ኣብ ሰብዓታት ዕድመኡ ን21 መዓልታት ብዘይ መግቢ ጸኒሑ። ብዘይ መግቢ ንብዙሕ መዓልታት ዝጸንሑ ምእመናንን መራሕቲ ሃይማኖትንውን ኣለው።

ስነ-ፍልጠት ከ እንታይ ይብል?

ብዙሓት ዶክተር ሓደ ጥዑይ እኹል ሰብ ማይ ክሳዕ ዘይሳኣነ ክሳብ ሸሞንተ ሳምንታት ብዘይ መግቢ ክጸንሕ ከም ዝኽእል ይገልጹ። ገለኦም ንንውሕ ዝበለ ሳምንታት ብዘይ መግቢ ጸኒሖም ገለ ኣይኰኑን። ገለ ከኣ ሳልስቲ ብዘይ መግቢ ጸኒሖም ንሞት ይሰሓጉ። በዓል ምሉእ ጥዕናን ጥንኩርን ኰይኑ ዝጸንሐ ሓንቲ ኣይኰውንን። ብተወሳኺ ዝያዳ ስብሒ እንተ ደኣ ኣለዎ'ውን ክጻናሕ ይኽእል። ኣካልና፡ ንኽንሰርሕ ዘድልየና ጸዓት ብመልክዕ ስብሒ፡ ካርቦሃይድሬትን ፕሮቲንን ይኽዝኖ። መግቢ ኣብ ዘይንበልዓሉ ግዜ እቲ ቀዳማይ ኣብ ጥቕሚ ኣካልና ዝውዕል ካርቦሃይድሬት እዩ። ስዒቡ ስብሒ ይመጽእ። ንሓደ ዝኒፍ ሰብ "ንሕማቕ ግዜ ዝኸውንሲ ከዚንካ ኢኹ" ክንብሎ እንኽለና ከኣ ሓቅና ኢና። ዝያዳ ስብሒ ምህላው ኣብ ግዜ ጥሜት ካብ ካልእ ሰብ ንላዕሊ ዝያዳ ክትጸንሕ የኽእል። ስብሒ ምስ ተወድአ ከኣ ኣካልና ፕሮቲን ክጥቀም ይጅምር። ፕሮቲን ክጥቀም ክጅምር እንከሎ፡ ንጉዛእ ኣካሉ ይበልዐ ከም ዘሎዩ። ኣካልና ፕሮቲን ክጥቀም ምስ ጀመረ፡ ክንዳኸም ንጅምር።

ኣብ ኣካልና መግቢ ናብ ጸዓት ዝቕየረሉ መስርሕ ኣሎ፣ "ሞታቦሊዝም"። እዚ መስርሕ እዚ'ውን ካብቶም ብዘይ መግቢ ንክንጸንሕን ዘይንክንጸንሕን ዝጸልዉና ረጃሒታት ሓደ እዩ። ዝሑል "ሞታቦሊዝም" ዘለዎ፡ ዘለዎ መግቢ ቀስ ኢሉ ስለ ዘቃጽሎ፡ ንዕኡ ዝትክእ መግቢ ቀልጢፍካ ክትቅርብ ኣይትግደድን። ስለዝኾነ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ክትጸንሕ ትኽእል ማለት'ዩ። መስርሕ "ሞታቦሊዝም" ምስ ኩነታትካ ባዕሉ ይምዓረረ እዩ። ብዘይ መግቢ ትኸይድ እንተ ደኣ ኣለኻ፡ መስርሕ ሞታቦሊዝም ይዝሕል እሞ ዘለወኻ ቀስ ኢሉ የካውሓን።

ኩነታት ኣየርውን ሓደ ካብቶም ጸለውቲ ረጃሒታት እዩ። እቲ ዘሕዝን ክልተኡ ጫፋት መጠን ረስኒ፡ ዛሕልን ሙቐትን፡ ብዘይ መግቢ ክትከይድ ኣይምቹኣትን እዮም። ብጥሜት ቀልጢፍካ ክትጥቃዕ ተኽእሎ ኣለዎም። ጽቡቕ ነገሩ ከኣ ብጥሜት ቅድሚ ምስቃይካ ቀዲሞም ክቐትሉኻ ስለዝኾኑ። ልዑል መጠን ረስኒ፡ ብጽምኢ ከድርቐካዩ። ኣዝዩ ትሑት መጠን ረስኒ ከኣ ዝያዳ ጸዓት ከም እተህልኽ ይገብረካ። ዘለካ ጸዓት እናኣቃጸልካ መጠን ረስኒ ኣካልካ ኣብ 37 ደረጃ ሰልሲየስ ኩተምዓራሪ ክትቃለስ ኢኻ። ብዘይ መግቢ ንሓጺር ግዜ ከም ትጸንሕ ድማ ይገብር።

ብዘይ መግቢ ንገለ መዓልታት ኣብ እትጸንሓሉ ግዜ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ክረኣዩኻ ይኽእሉ፤ ድኻም፡ ምድንጋር፡ ውጽኣት፡ ቀጥዐ፡ ሕማቕ ትውስክ፡ ስምዒትካ ይጐድል፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሚኻ ይዳኸም። ሕሉፍ ጥሜት ካብዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ምልክታት ሓሊፉ፡ ንህዋሳትካ ካብ ስራሕ ከዕርፉን ይኽእል። ምህትፍታፍ፡ ምንፍርፋር፡ ምጥምታር ጭዋዳታትን ዘይስሩዕ ህርመት ልብን ገለ ካብቶም ዝረኣዩ ምልክታት እዮም።

ጽንዓት ኣማኒኤል - ከረን


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ


## common mistakes in English

ኣብ እንግሊዝኛ ብቱደጋገሚ ዝርኣዩ ጌጋታት

**GUIDE TO GOOD ENGLISH**

### PARTS OF SPEECH

In this section the traditional names are used for parts of speech (noun, verb, adjective, adverb, pronoun, conjunction, and preposition). Two other terms are sometimes used in describing grammar. One is modifier, which means any word that modifies the meaning of another word (usually a noun). It is broader in scope than 'adjective' and includes, for example, table in table lamp as well as bright in a bright lamp or the lamp was bright. The other is determiner, which means any word such as a, the, this, those, and every which you put before a noun to show how you are using the noun (as in a fire, the fire, this fire, those fires, and every fire).

Nouns

A noun is a word that names something: a person (woman, boy, Frances), a thing (building, tree), or an idea (birth, happiness). A common noun names things generally, whereas a proper noun names a particular person, place, or thing. Collective nouns, such as audience, family, generation, government, team, are nouns which refer to groups of people or things. They can be treated as singular or plural: see agreement below. ... To be continued ...




A little girl came home from school and said to her mother, "Mommy, today in school I was punished for something that I didn't do."

The mother exclaimed, "But that's terrible! I'm going to have a talk with your teacher about this … by the way, what was it that you didn't do?"The little girl replied, "My homework."

Aryam and Biety

Warsay Yikallo Sec. School - Sawa

source: jokes of school

## ብስም ስነ-ፍልጠተኛታት ዝጽውዑ መዐቀኒ ኣሃዱታት

1. ኣንድረ ሜሪ ኣምፐር (1775-1836) ፈረንሳዊ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ንኣምፑላት፡ ስዊቻትን ካልእ ኤለክትሪካዊ መሳርሒታት "ናይ ክንደዚ ኣምፐር" ክንብሉ ንሰምዕ ኢና። ኣብ ዓስራይ ክፍሊ ብዛዕባ ኤለክትሪክሲቲ ክንምሃር እንከለና እውን ምሰረታዊ ኣሃዱ ካረንት (ዋሕዚ ኤለክትሪክ) ኣምፐር ምዃኑ ንምሃር ኢና። ኣምፐር ናይዚ ዝተጠቕሰ ንስነ-ፍልጠተኛ ስም እዩ።

2. ዊሊያም ቶምሶን ከልቪን (1824-1907) ስኮትላንዳዊ። መጠነ ረስኒ እንዕቅነሉ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ኣሎ። ኣብ ዝበዝሐ ናይ ኬምስትሪ ትምህርቲና ግን ዝያዳ ንደረጃ ከልቪን ኢና እንጥቀም። ዝተፈላለየ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራት'ውን በዚ ኣሃዱ ይዕቀን። ሰር ከልቪን ንመሰረታዊ ኣሃዱ መጠን ረስኒ ኣብ ተርሞዳይናሚክስ ብስሙ ከጸውዕ ክኢሉ።

3. ብለይዝ ፓስካል (1623-1662) ፈረንሳዊ። ጸቕጢ (pressure) ብፓስካል (Pa) እዩ ዝዕቀን።

4. ኣይዛክ ኒውተን (1643-1727) እንግሊዛዊ። ቢታ ካብ ገረብ ሰብ ከይተንከፈቶ ዝወደቐቶ ቱፋሕ፡ ንሓይሊ ስሕበት ዝረኸበ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ኣብ መባእታ ትምህርቲ ፊዚክስ ዝጉጥሙና ሰለስተ ዓበይቲ ሕጊታት ምንቅስቓስ'ውን "1ይ፡ 2ይን 3ይ ሕጊታት ምንቅስቓስ ኒውተን" ተባሂሎም ይርከቡ። ሰር ኣይዛክ ኒውተን በቲ ብዙሕ ስነ-ፍልጠታዊ ኣበርክቶኡ፡ መሰረታዊ ዓቐን ሓይሊ (Force) ብስሙ ክጽዋዕ ክኢሉ፣ 1 ኒውተን (1 N)።

5. ኣንድረ ሰልሲየስ (1701-1744) ሽወደናዊ። ካብቶም ንዓቐን መጠን ረስኒ እንዕቅነሎም ኣሃዱታት፡ እቲ ብዓለም ለኸ ቅቡል መዐቀኒ ደረጃ ሰልሲየስ (°C) እዩ። ብስሙ ኣንድረ ሰልሲየስ ተሰይሙ ከኣ ንረኽቦ።

6. ቻርለስ ኣጉስቲን ዲ ኩሎምብ (1736-1806) ፈረንሳዊ። ኤለክትሪክሲቲ ምንቅስቓስ ናይ ኤለክትሮናት እዩ። ኤለክትሮናት ናይ ዝኾነ ምውህሃድ ሓላፍነት ዝሰከሙ ክፋል ኣቶም እዮም። ኣብ ሓደ ኣቶም ማዕረ ኣንጻር ቻርጅ ዘለዎም ፓርቲክል ይርከቡ። ንዓቐን ቻርጅ ናይ ሓደ ፓርቲክል እንዕቅነሉ ኣሃዱ ኩሎምብ (C) እዩ።

7. ጀምስ ዋት (1736-1819) ስኮትላንዳዊ። ኣብ ጉዙና እንህልኾ ጸዓት፡ ኣብ ሓደ ሰዓት ዝሃለኸ ፓወር ብፐዝዞብ ተቐይሩ ኢና እንኸፍል። መዐቀኒ ናይ ፓወር ከኣ ዋት (W) እዩ። እዚ ድሕሪ ስነ-ፍልጠተኛ ጀምስ ዋት ዝተዋህበ ስም እዩ።

8. ኣለክሳንድሮ ቮልታ (1745-1827) ኢጣልያዊ። ስርዓት ሓበሬታ ናይ ወዲ ሰብ ብኤልክትሪካዊ ሓበሬታ ከም ዝሰርሕ ዝፈለጠ ቮልታ'ዩ። ኣብ ዝሞተ እንቀ'ርያብ ኤለክትሪክሲቲ ብምሃብ መሓውርም ከንቀሳቕስ ክኢሉ እዩ። እቲ ኣብ ትምህርቲና እንምሃሮ ሓይሊ ኤለክትሪክ (ቮልቴጅ) ከኣ ንመዘከርታኡ ዝተዋህበ እዩ። መሰረታዊ ኣሃዱ ኤለክትሪክ ፖተንሻል ከኣ ብቮልት (V) ይዕቀን።

9. ጆርጅ ሳይሞን ኦሆም (1789-1855) ጀርመናዊ። ኤለክትሪክሲቲ እንተሎ ምንቅስቓስ ኤለክትሮናት ኣሎ ማለት'ዩ። ምንቅስቓስ ኤለክትሮናት እንተ'ሎ ከኣ ተጻራርነት ኣሎ። መሰረታዊ ኣሃዱ ኤለክትሪካዊ ተጻራርነት "ኦሆም (Ω)" ብስም ጆርጅ ኦሆም ይጽዋዕ። ኣብ ፊዝክስ እቲ ብ"ሕጂ ኦሆም" እንምሃሮ ህቡብን መሰረታውን ኣምር ከኣ ንሱ ዝዳህሰሶ እዩ።

10. ማይክል ፈራዳይ (1791-1867) እንግሊዛዊ። ፋራዳይ ንጀነረተር፡ ሞተርን ትራንስፎርመርን ዝመሃዘ ህቡብ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ቻርጅ ዝዓቕር መሳርሒ "ካፓሲተር" ድሕሪ ምምሃዙ፡ ንመሰረታዊ ኣሃዱ ብስሙ ክኸውን ተወሲኑ። መሰረታዊ ዓቕን ካፓሲታንስ ከኣ ፋረድ (F) እዩ።

11. ጆሰፍ ሄንሪ (1797-1878) ኣሜሪካዊ። ኢንዳክታንስ ብሄንሪ (H) ይዕቀን። ሄንሪ ከኣ ስም ናይዚ ዝተጠቕሰ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ።

12. ዊልሀም ኤዱኣርድ ወበር (1804-1891) ጀርመናዊ። መሰረታዊ ኣሃዱ ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት ብስሙ ክጽዋዕ ዝኸኣለ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ፣ ወበር (Wb)።

13. ኤርንስ ወርነር ቮን ሲመንስ (1816-1892) ጀርመናዊ። ናይ ሓደ ጥረ ነገር ኤለክትሪክሲቲ ናይ ምትሕልላፍ ዓቕሚ "ኮንዳክታንስ" ብሲመንስ (S) ይዕቀን።

14. ጀምስ ፕረስኮት ጁል (1818-1889) እንግሊዛዊ። ጸዓት ብጁል (J) ከም ዝዕቀን ንፈልጥ ኢና። እዚ ኣብ ጸዓት እንፈልጦ ስም ኣሃዱ ናይ ጀምስ ጁል ስም'ዩ።

15. ኣንቶኒዮ ሀንሪ በኩይረል (1852-1908) ፈረንሳዊ። ስም ናይዚ ስነ-ፍልጠተኛ ኑቲ መሰረታዊ ዓቕን ጸረጊ ሬድዮ ዝውክል ኣሃዱ ተዋሂቡ ንረኽቦ፣ በኩይረል (Bq)።

16. ኒኮላ ተስላ (1856-1943) ሰርቢያዊ/ ኣሜሪካዊ። ተስላ ዓለም ንኸትበርህ ካብ ዘኽኣሉ ስነ-ፍልጠተኛታት እቲ ዓቢ ኢድ ዘለዎ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ስም ምሰረታዊ ኣሃዱ ጻዕቂ ዋሕዚ ማግኔታዊ ጸዓት ከኣ ብስሙ ይጽዋዕ፣ ተስላ (T)።

17. ሀይንሪች ሩዶልፍ ሀርዝ (1857-1894) ጀርመናዊ። ድግምጋም (ፍሪኲንሲ) ኣብ ዝበዝሐ ጉዕዞ ትምህርቲና እንረኽቦ ኣምር እዩ። ድግምጋም እምበኣር ብሀርዝ (Hz) ይዕቀን።

18. ሮልፍ ማክሲሚሊኣን ሳይቨርት (1896-1966) ሽወደናዊ። ንሚዛን ጸረጊ ዝዕቀን ኣሃዱ ብስሙ ተሰይሙ ንረኽቦ። ሳይቨርት (Sv)።

19. ሊዩስ ሃሮልድ ግረይ (1905-1965) እንግሊዛዊ። ንመዘከርታ ሊዩስ ግረይ ተባሂሉ ዓቕን ዝተመጽወ ጸረጊ ብስሙ ክኸውን ተወሲኑ፣ ግረይ (Gy)።

***



# ሽባ-ብ

## ብስለት

ጻርጋ ኩላትና፡ ንብሱል ሰብ ክን ቀርቦ ንደሊ ጥራይ ዘይኮንናስ፡ ከም’ኡ ክንከውን ንብህግ ኢና። ብጥዑይ መገዲ የቕንኣና (ዝያዳ እኳ ድኣ ንሳ ተቕንኣና)። ከም ገለ ጌርና ከም’ኡ ወይ ከምኣ ብሱላት ክንከውን ንደሊ። እቲ ሰብ ከመይ ጌሩ ናብኡ በጺሑ ኢልና እንሓትት ምናልባት እቶም ዝወሓድና ኢና እኾውን። ከምቲ ሰብ’ቲ ክንከውን ስለ እንደሊ ግና ን ምምሳሉ ካብቲ እንርእዮ ንጅምር።

ንመብዛሕትና ናይ ብሱል ባህርያት ኩይናም ዘርድኡና ግዳማዊ ኣገባብት ኣለዉ። ብዙሕ ዘይምዝራብ፡ ኣድላዪ ኣብ ዚኾነሉ ድማ ህድእ ኢልካ ምዝራብ፡ ስምዒታዊ ዘይምዃን፡ ቃላት ምምራጽ ዝኣመሰሉ ኣገባብት “ውሃ” ዘበሉ ናይ ብስለት ባህርያት ጌርና እንወስዶም ውሑዳት ኣይኮንናን። ነታ ሕውስቲ፡ ቅልጥፍቲ፡ ተዋዛዪትን ኣዕላሊትን፡ ከም ሓንቲ ዘይብስልቲ ክንወስዳ ይቐልለና።

ምሁር ወይ ሽማግለ ወይ’ውን ርኹብ ኪጋገ ከሎ ዝያዳ እንግረም ድማ እቶም ብስለት ብትምህርቲ ወይ ብዕድመ ወይ’ውን ብሃብቲ ዚብጻሕ ዚመስለና ኢና። ትዕዝብትታትናን ግምታትናን ምሉእ ብምሉእ ቅኑዓት ወይ ግጉያት ኣይኮኑን። ንኣብነት እተማህረ ሰብ ብስለት ኽኣዕበት ልዑል ተኽእሎ ኣ ለዎ። እቲ ትምህርቱ ብቐጥታ ኣይኮነን ከመይ ኪበስል ከምዚኽእል ዚምህሮ። እንተኾነ፡ ተመሃራይ ዝኸፈ ኣእምሮ ይህልዎ። ክትምሃር ትሕትና የድልየካ። ጽን ትብል። ናይ ካልኦት ሓሳባት ተድንቕ። ካብኡ ተበጊስካ ድማ እተመሓየሸ ነገር ትሓስብ ወይ ትምህዝ።

ኩሉ ግዜ ግና ኣይኮኑን እተማህሩ ዚልብሙ፡ ወይ ብሱላት ዚኾኑ። ገሊኣቶም ኑቲ ትምህርቶም ዓቕሮም ጥራይ ኣብ መርመራ ይሓልፉሉ፡ ዲፕሎማታትን ብልጫታትን የዋህልሉሉ። መናድቕ ገዛኦም ድማ ይሽልሙ። እንተኾነ፡ ኑቲ ትምህርቲ ምስ ባህርያቶም ኣየወሃህድዎን። ኣ ብ ክንዲ ኣእምሮ ዚገብሩሉ፡ ንሓን ጎሎም ከም ኮምፒዩተር የስርሕዎ። ኮምፒዩተራት ዝነፍዓ እንተነፍዓ፡ ለባማት ዘይምዃነን ኩላትና እንፈልጦ እዩ።

ዕድመ እውን ንብስለት ረቛሒ ኪኸውን ዘይክእል ኣይኮነን። ምስ ተመኩሮ ዚውህለል ልቦና ቀሊል ኣይኮነን። እን ተኾነ ግና ጊዜ ኑቶም እተጠቕሙሉ ጥራይ እዩ ዚምህሮም። ተጸሚምካ መሕለፊ እናደለኻሉን ዘሕለፍካዮ ጊዜ ከመይ ኢሉ እዩ መምህርካ ኪኸውን? እቶም ብምብዛሕ ዓመታት ዕድመኦም ጥራይ መምሃራን ኪኾኑ ዚደልዩ፡ ጌና ናይ ብስለት ኣንፈት ዘይሓዙ ይመስ ሉ። ብሱላትሲ በጺሖምዎ እናበልናዮም መመሊሶም ዚበስሉ እዮም።

ብስለት ዘዩቋርጽ መስርሕ ምዃኑ እዩ ዚፍለጥ። ናይ ብስለት ኣንፈት ዝሓዘ መንእሰይ፡ ከም ለባም ይቖጸር። ወትሩ ድማ ካብ ሂወቱን ካብ ካልኦትን ይምሃር። ኣብ ክንዲ ንኻልኦት ምምሳል ድማ፡ ናብ’ታ ንሱ ኪኸና ዚኽእል ዝበለጸት ባህርይ የቓምት። መዐቀኒኡ ርእይቶ ካልኦት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኩሉ እዋን ንገዛእ ርእሱ እናመርመረ ከመሓይሻ ይጽዕት። ብሱል ኪበሃል እንታይ ኪገብር ከምዘለዎ ኣብ ክንዲ ምጭናቕ፡ ጊጋታቱ ብትብዓት ኪእርም ይብገስ። እንተ ተኣረመ እተዋረደ ኩይኑ ኣይስምዖን። እኳ ድኣ ናይ ልቦና ሰንቂ ስለ እተዓደለ ዝያዳ ይዓቢ ከም ዘሎ ይርድኦ።

ብስለት ዝያዳ ብውሽጣዊ ዕጋበት ከም ዚርከብ፡ ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ይገልጹ። ክንደይ ፍልጠት ወይ ሃብቲ ኣኪብካ ዘይኮነስ፡ ክሳብ ክንደይ ዕጉብን ትሑት ክትብል ድሉውን ኢኻ? ክሳብ ክንደይከ ፍቕሪ ክትህብ ትኽእል? ን ኻልኦትከ ተተባብዖዶ? ንኻልኦት ጽቡቕ ክትገብር ዘብቅዓካ ምልኣትከ ኣሎካዶ?

ምናልባት “ምንባረይ ንኻልኦት እን ታይ ረቢሑ?” እናበልና ክንሓትት ኣብ እንጅምረሉ፡ ናይ ብስለት ኣን ፈት ሒዝና ኪብሃል ይከኣል ይኸውን። ግና ኣብ ገዛእ ርእስና ተዓጺፍናን ጸገማትና ጥራይ ነካፍል እንተኾንና ግና፡ ካብታ ኣሳሪትና “ኣነ፡ ንዓይ” ከሎምልጥ ከድልየና እዩ።



# ምኽሪ ሰንበት

## “ስሒቕምኺ’ ምበር ኣይጸረፉኽን”

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፣ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኹስ ዓምዲ "ምኽሪ ሰንበት" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጳስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።



ደዋሊት፦ ሄለው ምኽሪ ብቴለፎን ደዩ፧

ኣማኻሪ፦ መርሓባ እወ ጽቡቕ ኣለኺ።

ደዋሊት፦ ማመት ይባሃል። ጓል ዕስራን ሓደን ዓመት’የ። ሓደ ሽግር ስለ ዘሎኒ’የ ምኽሪ ክትልግሰለይ ዝደውለልካ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፦ ጸገም የለን፡ እንታይ’ዩ እቲ ሽግር ክሰምዓኪ፧

ደዋሊት፦ ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን፡ ካብ ዓዲ ንኸተማ ብምምጻእ ኣብ ሓንቲ እንዳ ካፌ ከም ኣሳሳይት ብምኽንያን እሰርሕ ኣለኹ። ኣብ’ቲ ስራሕ ግን ዕግብቲ ኣይኮንኩን።

ኣማኻሪ፦ ስለምንታይ፧

ደዋሊት፦ ኣብ’ቲ ካፌ ዝመጹ ሰባት እንታይ ከም ዝኾኑ ኣይርደኣንን፡ ንዓይ ክሪኡ እንከለዉ ሰቕ ኢሎም ይስሕቁ። ኣነ ከኣ ኣዝየ ይስከፍን ዓቕለይ የጽብበን።

ኣማኻሪ፦ ማመት እቲ ጠንቂ’ሞ እንታይ ኮይኑ ይስመዓኪ፧

ደዋሊት፦ ኣነ ከም’ተን ካልኦት መሳርሕተይ ዝሰርሕኦ ስራሕን ኣካይዳን እየ ዝኸተል። ካብ ናተን ዝተፈልየ ስራሕ ይሰርሕ’የ ዝብል ጥርጣረ የብለይን። ካብ ዓማዊል ይኹን ኣስራሕተይ ጌጋ ንኪይርከበኒ፡ ወትሩ ተጠንቂቐን ብዕቱብነትን እየ ዝሸይድ። እዚ ደኣ ይኹን’ምበር እቲ ሓቂ፡ ጠንቂ ናይ’ዛ ሰሓቕሲ ክረኽባ ኣይክኣልኩን።

ኣማኻሪ፦ ሐራይ ማመት፡ “ካብ ዓማዊል ይኹን ኣስራሕተይ ጌጋ ንኸይርከበኒ፡ ወትሩ ተጠንቂቐ’የ ዝሰርሕ” ዝበልክ’ያ ነጥቢ ማዕረ ክንደይ ስክፍቲ ሰብ ከም ዝኾንኪ ዘአንፍት’ዩ። ኣብ ዓለም ምሉእነት ከምዘየለ ተረዲእኪ፡ ነዚ ናይ ምስካፍ ባህርኺ ኩተውግዲ ፈትኒ። እዚ ነዚ ክትገልጽዮ ዝጸናሕኪ ጸገም ኣብ ምፍታሕ ገለ ኣበርክቶ ክህልዎ ይኽእል’ዩ።

ደዋሊት፦ እወ ሓቅ’ኻ ምስካፍሲ ስክፍቲ’የ። ስክፍታ ጥራይ ዘይኮነውን ኣዝየ ሓፋር ጓል’የ።

ኣማኻሪ፦ ብጣዕሚ ጽቡቕ ማመት። ሕፍረት “ሰብ እንታይ ክብለኒ’ዩ፧” ዝብል ኣተሓሳስባ ዘማዕበል ኩነት ብምዃኑ፡ ወትሩ ነብስኻ ክትኣስርን ግብረ-መልሲ ካልኦት ሰባት ንምዕዛብ ኣብ ተጠንቀቕን ኢኻ ትዋፈር። ሕፍረትኪ ንምውጋድ እምበኣር እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ሓገዝቲ’የን።

ብመጀመርያ ሰባት (ንኣብነት መሳርሕትኺ) ሕውሳት ወይ ዘይሓፋራት ብምዃነን ዝረኽብኦ ጥቕምታትን ንስኺ ብሰንኪ ሓፋር ምዃንኪ ዝመጹኺ ኣሉታውያን ሳዕቤናትን ኣብ ጽሙው ዝበለ ቦታ ብምኳን፡ ብግቡእ ዘርዝሪ። ንኣብነት “ሓፋር ብዘይምኳነይ፡ በዙሓት ኣዕሩኽ ይህልዉኒ፡ ሕጉስ ሂወት ኣብ ስርሐይን ማሕበራዊ-ንጥፈታተይን ይህልወኒ። ሓፋር ብምኳነይ ግን፡ ካብ ሰባት ዝተነጸልኩ፡ ዘይዕጉብ ማሕበራዊ ሂወት ወዘተ ይህልወኒ” እናበልኪ ጥቕሲ። ብድሕር’ዚ ነዞም ነገራት’ዚኣቶም ብደቂቕ መርምርዮም። እዚ ሜላ’ዚ፡ ሕፍረት ንምውጋድ ዓቢ ድፍኢት (ድርኺት) ክገብረልኪ ይኽእል’ዩ።

ብምቕጻል ቅድሚ ሕጂ ኣዝዮም ሓፋራት ዝነበሩ፡ ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ግን ሕፍረቶም ኣወጊዶም ዕዉት ሂወት ዘሕልፉ ዘለው ሰባት ኣለልዪ። ምስ’ዞም ሰባት’ዚኣቶም ዝምድና ወይ ዕርክነት ክትምስርቲ ዝከኣል እንተኾይኑ፡ ቀልጢፍኪ ዝምድና ምምስራት ተመራጺ’ዩ። ዘይክኣል ምስ ዝኸውን ግን፡ ተመክሮኦም ንኽዕልሉኺ ሕተትዮም። ወይ’ውን ብቐረባ ንዝፈልጥዎም ሰባት፡ ብኸመይ ካብ ሕፍረት ክናገፉ ከም ዝኸኣሉ ብግቡእ ሓበሬታ ኣክቢ። ብዛዕባ ሕፍረቶም ብዓወት ዝኣለዩ ሰባት ዝገልጹ መጽሓፍቲ (ክትረኽቢ እንተ ክኢልኪ) ምንባብ’ውን ሓጋዚ’ዩ።

ገለ ሰባት’ውን ሕፍረት ካልኦት ሰባት ብምምዝማዝ፡ ዝያዳ ሓፋር ንኽትከውን ዝገብሩ ኣለዉ። ዘሕፍሩኻ ጉዳያት እናኣልዓሉ ዝያዳ ንኽትሓፍር ይግድዱኻ። ገለ’ውን ዘጥጭው (ዘላግጹ) ወይ ከኣ ዝንጽሉ ሰባት ኣለው። ስለ’ዚ ንስኺ፡ ነዞም ሰባት’ዚኣቶም እዚ ባህሪ’ዚ ዝያዳ ንኽትሓፍሪ ዝድርኽ ጉዳይ ከምዘኾኑ ብምግላጽ ንኸቋርጽዎ ክትሓትዮም ኣለኪ። ነዚ ክገብሩ ምስ ዘይክእሉ ግን ካብ’ዞም ሰባት’ዚኣቶም ብምርሓቕ፡ ጸገምኪ ክርድኡልኪ፡ ክደናገጹልኪን ጸገምኪ ኣብ ምፍታሕ ዝተሓጋገዙኽን ሰባት ክትቀርቢ ይግባእ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት’ዚኣቶም ምራላዊ ሓገዝ ብምብርካት፡ ካብ’ዚ ሽግር ንምንጋፍ ኣበርክቶ ክገብሩልኪ ይኽእሉ’ዮም። ስምዒታትኪ ምግላጽ’ውን ኣብ ምጉዳል ሕፍረት ዘይነዓቕ ግደ ስለዘለዎ፡ ሕፍረት ኣብ ዝሰመዕኪ እዋን ናጻ ኰንኪ ብዛዕባ’ቲ ጉዳይ ተዛረቢ። ንኣብነት “ንዘይፈልጦም ሰባት ምስሳይ የሕፍረኒ’ዩ”፡ “ዘይፈልጦ ሰብ የፍርሓኒ” ወዘተ እናበልኪ ተዛረቢ። እዚ ጉዳይ’ዚ ስምዒትና ናጻ ኰና ከነውጽእ ስለዘሕግዘና፡ ፍርሒ ኣብ ምጉዳል ዘይነዓቕ ኣበርክቶ’ለዎ።

ደዋሊት፡ “ገለ ሰባት ዝያዳ ሓፋር ንኽትከውን ዝገብሩ ኣለዉ” ዝበልካያ ነጥቢ ብልክዕ ኣባይ ዘጋጥም ዘሎ ኩነት ብምዃኑ፡ በዘን ዝሃብካኒ ምኽርታት ክገጥሞ ክፍትን’የ።

ኣማኻሪ፦ ጽቡቕ ማመት። ብተወሳኺ’ውን ኣብ እዋን ርክብ (Communication) ኣዘራርባ፡ ኣቃውማ፡ ወዘተ ወሳኒ ተራ ብምህላዎም፡ ነዞም ጉዳያት’ዚኣቶም ብዕቱብ ክትጥምትዮም ይግባእ። ንስኺ ካብ ገጠር ብምምጻእኪ ኣብ ላህጃ ናይ ኣዘራርባኺ ካብ ናይ ኩተማ ዝተፈልየ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ብኣዘራርባኺ ክስሕቁልኪ’ውን ይኽእሉ’ዮም። ስለ’ዚ ምስ ውሽጥኺ ዕሙቕ ዝበለ ዝርርብን ምርምርን ከድልየኪ’ዩ።

ደዋሊት፦ ሓቅ’ኻ ኣለኻ ኣማኻሪ። ኣዘራርባይ ፍልይ ዝበለ’ዩ። መስሓቒኦም ምኽንያት ኣዘራርባይ ጥራይ’ዩ ክኸውን ዝኽእል። እንታይ እንተገበርኩ’ሞ ይሓይሽ ትብል፧

ኣማኻሪ፦ ማመት ናይ ባህሪ ለውጢ ኣብ ሓደ ለይቲ ዝመጽእ ኣይኮነን። ብዙሕ ጻዕርን ዓቕልን ዝሓትት መስርሕ’ዩ። ኣዘራርባኺ ንምምሕያሽ እምበኣር ካብ ኣከባብኺ ዝርከቡ ሰባት ብዙሕ ምዕዛብን ብጽሞና ምስማዕን ከድልየኪ’ዩ። ኣብ’ዚ ከም ሽግር ትሓስብዮ ዘለኺ ጉዳይ’ውን፡ ኣጠማምታኺ ምቕያር ክሓተኪ’ዩ። ስሓቕ ከም ኣጸጋሚ ዘይኮነስ ከም ደስ ዘብል ነገር ጌርኪ ሕሰብዮ። እዞም ሰባት ዝጠቐስክዮም ከኣ ስሒቕምኺ’ምበር ኣይጸረፉኽን። ስለ’ዚ ኣብ ነብስኺ ምሉእ ርእሰ-ተኣማንነትን ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን ይሃልኺ።

ደዋሊት፦ ብዝሃብካኒ ምኽርን ማዕዳን ብልቢ የመስግነካ። የቐንየለይ!

ኣማኻሪ፦ ግንዘብኪ።

# ተኾላ ከተማ

29 ክፋል

**ተኾላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃገራዊ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ከሉሴል ብዝዕል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**



ብንያም ፍስሃጽዮን

ፍርቂ ለይቲ'ዩ ካሻሎ እንዳ ሳምራዊ ብሬክስ ሀሪም ተኻሒኩሑ። ኣብቲ ሰፊሕን ኣርባዕተ ክፍልታት ዘዐሮ ካሻሎ እንዳ ሳምራዊ ክልተ ክፍሊ ሒዛም'ዮም ዝቕመጡ። እቲ ዝተረፈ ክልተ ክፍሊ ሰብ ዘይብሉ ዕጽዉ'ዩ። ዋና'ቲ ገዛ ንሳምራዊ ሓትኖኡ ዝበጽሕኦ ኣብ ሰዑድያ ዝቕመጣ ሽማግለ ሰበይቲ'ዮን። ወላድ ስለ ዘይብለን ሳምራዊ ሃገሩ ክስዃኸል ናብ መሳርዕ ሓይልታት ምክልኻል ምስ ተጸንበረ 'ጉዛይ እናሓለኺ ኣብኡ ተቐመጢ' ብምባል ንብርኩታ ክትቀመጦ ዘፍቀዳ ድማ ከም ሓገዝ ስለ ዝሓሰብኦ'ዮን።

ካሻሎ ቀስ ብቐስ ብኸቢድ ዉቃዕ ክሀረም ጀመረ። ሳምራዊ ከቢድ ድቃስ ጸቒጥዎ ብምንባሩ ስለ ዘከበረ ደምጺ ሰሚዓ ዝተበራበረት ብርኩታ ነበረት። "ሳምራዊ፡ ሳምራዊ!" ብምባል ድማ ሰንባደን ታህዋኽን ብዝዓብለሎ ሰምዒት ኣድመጸቶ። ሳምራዊ ብበዕጋገ ተሲኡ ኣብ ዓራት ተኾይደሙ። "ማዕጾ ይኹሕኳሕ ኣሎ ማሰለኒ" ኣሰዓበት ብርኩታ ፍርሓ ከይሓብኣት።

"ማዕጾ!" በለ ሳምራዊ ብዘይ ልቡ ካብ ዓራት ወሪዱ። "ማዕጾ ዲኺ ዝበልኪ?" ካብ ዓራት ከይተረድአ ስለ ዝወረደ ወናኡ ምስ ፈለጠ ካብ በዓልቲ ቤቱ ዝያዳ መብርሂ ደለየ።

"እወ ማዕጾ ይኹሕኳሕ ኣሎ፡ ግና መንነት ናይ ኳሕኳሕቲ ከየረጋገጽኩ ከይትኸፍቶ።" ኣጠንቀቐቶ ሰበይቱ። ከምኡ ተባሂሉም እናተዛራረቡ እንከለዉ ካሻሎ ምኹሕኳሑ ቀጺሉ ነበረ።

ሳምራዊ ናይ መደቀሲኦም ክፍሊ ከፊቱ "መን ኢኻ?" በለ ብዓውታ።

"ንሕና ኢና ሳምራዊ፡ ንሕና ደቂ ኣሃዱኻ። ወዲ ፋሲል'ዩ ናጥካ ልኢኹና - ኣዚዚ በጦሎንኻ ወዲ ፋሲል" ዝብል ግብረ መልሲ ሰምዐ።

"ብርኩታ ካብ ወዲ ፋሲል ኣዚዚ በጦሎጸይ ዝተላእኹ'የም፡ ክረኽቦም ኣለኒ።" ኣብ ልዕሊ ለበስዎ ዝነበረ ናይ ለቲ ክዳን ጃብ ከድርብ ሸበድበድ በለ።

"ኣንታ ወዲ፡ እምበርዶ ጥዕና ኣለካ'ዩ!" በዓልቲ ቤቱ ተቓወመቶ። "ስለ ዝበሉኻ ኣሚንካዮም ክትወጽእ! እስከ ህድእ ክትብል ፈትን። ኣዚዚ በጦሎንኻ እንተደልዩካ ብኣዋኑ ሰብ ዘይሰደልካ።"

"ለሚዶ ጸባሕ ክኸይድ እናበልኩ እብ ቀዳምኒ" ምስ ኑብሱ ኣጉረምረመ ሳምራዊ። ናብ ኣሃድኡ ከይዱ ፍቓድ ዘይምሕታቱ ጣዕሳ ኣሰዓበሉ።

"ሳምራዊ እንታይ ደኣ ንጸበዮካ ኣኳ ኢና ዘለና" ብደገ ዝተሰምዐ ድምጺ ነበረ።

"ብርኩታ ኣዘራረብዮም ክመጽእ'የ። ደሓር ድማ እንታይ ዘሰክፍ ኣሎ'ዩ ከምኡ ገይርኪ ትሰማኢ። ኣብ ደፋዕ ክንደይ ዝረኣናስ ኣብ ካሻሎና ብዘኹሕኳሑ ሰቡት ሰግኣት ክሐደር።" ናይ በዓልቲ ቤቱ ምሕጽንታ ካብ ባዶ ዝጠበሰ ዝመሰሎ ሳምራዊ ሓሳቡ ክዙብር ናብ ካሻሎ ኣምርሐ። "በዓል መን ኢኹም?" ኣብ ልዳት ካሻሎ ምስ በጽሐ ማዕጾ ከይከፈተ ኣቐዲሙ ሓተተ።

"ኣይትፈልጠናን ኢኻ፡ ግና ክልቴና ናይ ሳልሳይ በጦሎኒ ኣባላት ኢና - ናይ ወዲ ሐሊል።" በለ ሓደ ካብቶም ኣብ ደገ ኩይኖም ዝጸበዩ ዝነበሩ መንእሰያት።

ሳምራዊ እቲ ዝሰምዖ ሓቂ ኩይኑ ስለ ዝረኸቦ ካሻሎ ክኸፍት ኣይደንጎየን። "ደሓን ዲኹም ደኣ ለይቲ ምድሪ?" ሳምራዊ ገጾም ክርእዮም እናፈተነ ሓተተ።

"እንታይ ክንገብር ኢልካና ኢኻ? ሕሱም ትእዛዝ ኩይኑና እምበር ለይቲ ምድሪዶ እንዳ ሰብ ይኹሕኳሕ። ወዲ ፋሲል ተማልእዎ ስለ ዝበለና'ዩ ክንማልኣካ መጺና።"

"እንታይኢኹምትብሉ! ወደይሞይቲ ኣብ ሓዘን ከም ዘለኹ እናፈለጠ ከመይ ገይሩ ከምኡ ይገብር። መንቀሳቐሲተይ ሓሙሽተ መዓልቲ ጥራይ'ያ ኣሕሊፉ ዘሎ። ደሓር ድማ ለሚዶ ጸባሕ ክመጽእ እናበልኩ እንከለኹ ኢኹም ትመጽኡኒ ዘለኹም?" ተመኻኸነ።

"ሓሙሽተ መዓልቲ ጥራይ'ያ ሓሊፉ ዘሎ? ሰምና ድማ ከየላለናካ - ኣነ ዳዊት እዚ ዓርከይ ድማ ቦኽሪ እብሃል። ኣንታ ቦኽሪ ሓሙሽተ መዓልቲ ጥራይ እንተሕሊፉ ደኣ ንገይፎ'ምበር" በለ ዳዊት ዝስሙ መንእሰይ ኣብ ልዕሊ ሳምራዊ ሓልዮት እናርኣየ።

"ኣንታ ዳዊት፡ ትእዛዝ ከም ዘይትፈልጥ ትኸውን።" ንሱኡ ጊሔሑ ናብ ሳምራዊ ቀረበ። ማኪና ዝሓዛ ሳልሳዮም ኣይወረደን። "ሳምራዊ ምሳና ምኻድ ይሕሸካ። ቀዳማይ ነገር ንሕና ስለ ዝተኣዘዝና ትእዛዝና ክንፍጽም ኣለና።



ካልኣይ ድማ ንገናኻውን ተረዳዳእካ ምምላስ ዝሓሸ'ዩ። ሓለፍቲ ሻዕብያ ትእዛዞም ክዋኸብር ሰቡ ከም ፈጣሪ 'ደንጓይን ፈዳይን'የ ኢሎም ንዓኺ ከም ዘይጽበዩ ትፈልጥ ኢኻ ማሰለኒ። እንታይ ገደሰካ ትእዛዝ ኣየኽበርን ተባሂልካ ኣደዳ መቕጻዕቲ ትኸውን። ንሕና ኪድና 'ጸባሕ ክመጽእ'የ ኢሉና' እንተኢልናልካ ወረቐትካ ክትበላሸዉ'ያ። ከም ምኽረይ ማኪና ኣላ ሕጂ ምሳና ምኻድ ይሕሸካ። ደሓር ድማ ከም ደቂ ኣሃዱ ማጠን ሰክፍታ የለን ማሰለኒ። ሓደ ሰብ ኣለና ኣብዚ ቤት ጊያርጊስ ንምልኡ ካልእ ጉዳይ ግና የብልናን። እምበር ወድኻ ከም ተጉድኣካ ኩሉ ኣብል ሰሚዕም'ዩ። ራሕቂ ስለ ዘለና ኢና ክንበጽሓካ ዘይመጻእና።" ዳዊት ህድእ ኢሉ ከረድአ ፈተነ።

"ኣንታ እሞ ንስበይተይ ሓብረያ ክምለሰኩም። ግድን ንዓናይ ትብሉ እንተለኹም ደኣ እንታይ ክንብለኩም።" ሳምራዊ ትእዛዝ እናበልዎ ክጸጉም ስለ ዘይደለየ ምስ በዓልቲ ቤቱ ክረዳዳእ ንቤቱ ተመልሰ።

ብርኩታ ገጥ ስሚዒት ኩይና ኣብ ዓራት ተኾዲማ'ያ ጸኒሓቶ። ኣብ ገጻ ዝርኣ ዝነበረ ስሚዒት'ውን ሰግኣት ዝዓብለሎ ነበረ። ገጽ ሰብኣያ ምስ ረኣየት ቅልጥፍ ኢላ ናብ ሕቶ'ያ ኣትያ። "እንታይዎም'ዮም?"

"ደቂ ኣሃዱይ'ዮም" በለ ሳምራዊ ብኸመይ ከም ዘረድኣ እናሓሰበ። ለይቲ ምድሪ ምኻዱ ክትቅበሎ ከም ዘይከኣት ፈሊጡ ገለ ዘኣምን ምኽንያት ክፈጥር ኣብ ሓሳብ ኣተወ።

***

"ኣርጊጽናያ ኢና" በለ ቦኽሪ እግሪ ሳምራዊ ካብ ቅድሚኦም ርሒቑ ቤቱ ከም ዝኣተወ ድሕሪ ምርግጋጹ።

"እሞ ነጥሪ ዝዘለና ሓብሬታ ተረዲኡና ስለ ዘሎ ሕጂ ዝተረፈና ነቲ ዝተዋህበና ትእዛዝ ምትግባር ጥራይ'ዩ" በለ ዳዊት ንኪልኣዩ ተኸቲሉ።

"እዋይ!" ቦኽሪ ግንጠንብ በሎ። "ኣነስ ኩበደይ ድማ በሊዕኒ። ብፍላይ እታ ዘይፈለጥክዋ ሰበይቱ ኣሕዚናትኒ። ትማሊ ወዳ ቀቢራስ ጸባሕ ድማ ሰብኣያ ክትቀብር ማለት ደዩ?" ቅር ከም ዝበሎ ገለጸ ቦኽሪ።

"እዋእ!" ተገረመ ዳዊት። "እቲ ትእዛዝ ክወሃበና እንከሎ ደኣ ከምኡ ዘይትብል። በጃኻ እስከ ሕጂ ሓድሽ ዘረባ ኣይተምጽእ። ብዝዕባ ምፍጻሙ ጥራይ ንዘራረብ" ብምባል ቦኽሪ ዝሀቦ ግብረ መልሲ ተጸበየ። ቦኽሪ ግና ካብ ሓሳቡ ወጺኡ ቃል ከምሉቕ ኣይተሰምዖን።"ብዙሕ'ኻእለ መጠን ብዘይደምጺ ከቃብጾ ከም ዘለና'ዩ ተሓቢሩና ዘሎ።" ቀጸለ ዳዊት። "ጥይት ምትኳስ ሓደገኛን ዘቃልዓናን ስለ ዝኾነ ኣዚና ክንጥንቀቐሉ ኣለና። ብዘይደምጺ ምጥፍኡ ንኹልና ሓራ ዝገብር'ዩ። ተዓሊኻ ኣለኻ እንዲኻ ቦኽሪ?"

"እወ፡ ግና ጸገም እንተፈጢሩ ድማ ካላሽን ክንጥቀም ነጥሪ ሓቢሩና'ዩ ማሰለኒ።"

"ኣንታ ቦኽሪ!" በለ ዳዊት እቲ ናይ ዓርኩ ዘረባ ደስ ስለ ዘይበሎ። "ጥይት እንተተኩስና ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ሰራዊት ጠቕሽ ክበሉና'ዮም። ስለዚ እንታይ ገደሰና ኣብ ጥይት ንኣምን። ኣነ ብሰደፍ ጠበንጃ ሃሪመ ከወድቖ እኽእል'የ። ብድሕሪኡ ደጋጊምካ ምጭፍጫፉ'ዩ።"

"እሞ ከምዛ ትብሎ ዘለኻ ቀላል እንተኾይና ንሸኻ ዘይትገብራ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝተረዳዳእናዮ ናብቲ ክንማልእ ዝበልናዮ መንእሰይ ከኣ ዘይደና ንሓቶ። ኣብ ወሸጢ ኣግራብ ቤት ጊዮርጊስ እንተኣእቲናዮ ድማ ንሸኻ ክሳዱ ሃሪምካ ተወድቖ" በለ ቦኽሪ እቲ ሓለፍቲ ንዳዊት እናሰከሞ።

ቦኽሪን ዳዊትን ኣብ ደገ ክዘራረቡ እንከለዉ ሳምራዊ ድማ ምስ ሰበይቱ ምርድዳእ ስኢኑ ክቕምና ይጋደል ነበረ። "እሞ ሓለፍተይ እናጸዉዒ ትእዛዙ ኣይኖ ትረፍ ዲኺ ትብልኒ ዘለኺ? ብድሕሪኡ'ኸ መን ክሓልፈለይ'ዩ? ንስኺ ክትሓልፍለይ ኣይትኽእልን ኢኺ!" ሕርቃን ዝደፍኦ ቃላት ኣሰዓበ። "ኣነ ብዘኽሉ ነገር ተቐጺዐ ዘይፈልጥኪ ሕጂ ትእዛዝ ኣየኽበርካን ተባሂለ ክቕጻዕ?" በለ ትእዛዝ ዘይምኽባር ዘለዎ ሳዕቤን በዓልቲ ቤቱ ስለ ዘይተረዳኣትሉ እናላዘ።

"ኣነ ትእዛዝ ንጸግ ኣይብልኩኻን። ግና ስለምንታይ ሕጂ ምሸት ምድሪ ይመጽኡኻ? ምሸት ምድሪ ካብ ምውጻእ ድማ እቲ መቕጻዕቲ ምቕባል ይሕሸካ። ቀትሪ እንታይ ስለ ዝኸኡ'የም ከም ኣራዊት ከዉታ ለይቲ ንዓናይ ዝብሉኻ? እዚ ኣጻርይ'የ ዝበልካ ዘለኺ።

"ኣንቲ ደቂ ኣሃዱይ እኳ'የም። ንኽልቲኦም ይፈልጦም ምኻነይ እናሓብርኩኺ።" ኣመኻነየ። "ኣብ ሓደ ኣሃዱ ዘለና ሰባት እኳ ኢና።"

"ኣሞ ድላይካ ግበር!" ብርኩታ ኣብ ዓራት ተዓኾለለት።

"እንተሰሊጡኒ ጸባሕ ኣፍቂደ ክምለስ'የ። ተሰኢ ንዕናይ ካሻሎ ዕጸወየ።" ሓቢሩ። ብርኩታ ደስ ዘይበላ ተኸቲላቶ ናብ ቀጽሪ ወጸት።

***

ብቐለሉ ድቃስ ክወስዶ ስለ ዘይክኣለ ኣብ ዓራት ክኮልበጥ'ዩ ሰዓታት ኣሕሊፉ። ኣብ ህይወቱ እቲ ዝዓበየ ናይ ጭካኔ ተግባር ክፍጽም ዝተዳለወሉ መዓልቲ ሸው'ዩ። ብዙሕ ክፉእ ተግባራት ፈጺሙ'ኳ እንተኾነ ህይወት ሰብ ብቐጥታ ብትእዛዙ ክጠፍእ ክእዝዝ ግና ሸው ፈለማኡ ነበረ።

ነጥሪ ኣዕሚቑ ኣስተንፊሱ ካብ ዓራት ብድድ በሉ። ጸላም ዝዉሓጦ ከዉታ ለይቲ'ዩ ንኣዒንቱ ተቐቢልዎ። ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ ትርኣሱ ናብ ዝርከብ ሰዲዱ መብራህቲ ወልዑ፡ናይ መንደቕ ሰዓት 12፡45 ምዃኑ ሓበሮ። "ሕጂ ምስ ፈጣሪኡ ናይ ኑብሱን ወዱን ካሕሳ ይሕተት" በለ እናሓንሓነ። "ግና ስለጥምምዶ ይኸውን? ከም ንምሕረዲ ትወሰድ ጠዕ ብዘይጸገም እንተኸይደሉም ግድን ክፍጽምዎ'የም። ግና ከም ዝረኣኽዎ ተጣራጣሪ'ዩ ዝመስል። ለይቲ ምድሪ ኣይወጽእን'የ ክብሎም ይኽእል'ዩ። ከምኡ እንተገይሩ ካልእ ኢጋጣሚ ምፍጣር'ዩ። ነጥሪ ሓንሳብ እንተኣንቂዱ መሳሲ የብሉን። ነጥርን ምትህልላኽን ናይ ሓንቲ ሳንቲም ገጽ'ዩ'ም" ብምባል ምስ ኑብሱ ተዘራረበ።

ሃንደበት ፍሉይ ሓሳብ ምስ መጽኦ ሞባይሉ ኣወጺኡ ናብ ዝለኣኾም መንእሰያት ክድውል ወሰነ፡ ንእለት ድማ ኣጻብዕቱ ኣብ ቁጽርታት ሞባይሉ ኣሰሪሑ ደወለ። "ሃለው" ግብረ መልሲ ረኸበ። ቦኽሪ'ዩ ተቐቢልዎ። "ኣነ ቦኽሪ'የ ነጥሪ"

"ቦኽሪ ከመይ ኣምሲኹም? ነገራት ከመይ ይሳለጡ ኣለዉ?" ቅልጥፍ ኢሉ ናብ ሕቶ ኣተወ።

"ደሓን'የም" መለሰ። "ዳዊት፡ ሓደ ዝመጽእ ሰብ ከም ዘለና ሓቢሩ ብሓደ ኣፋኒናዮም ኣለና። ኣብዚ ናይ ዓርበብዕ መንገዲ ኢና ዘለና።"

"በዩት ደኣ ከይጸግዎም" ርእዩቶኡ ሃበ ነጥሪ።

"ካላሽን ተማሊኡ ኣሎ። ከምቲ ኣቐዲምካ ዝበልካና ብሰደፍ ጠበንጃ ከወድቖ ኢና ተረዳዲእና ዘለና። ካብ ኣሩንምም 10 ደቓይቕ ገይርም ስለ ዘለዉ እንተሰሊጥዎ ኣቃብጽዎ ይመጽኡና ይህሉ'ዩ"

"እንታይ ተዓዘብኩሙሉ፡ ጥርጠራ ነይርዎ ደዩ?"

ኣ'ፈጺሙ ጥርጣረ ኣይነበሮን። ምልእ ብምልእ'ዩ ኣሚኑና። ደሓር ድማ ነጥሪ በሊሕ እንዲኻ!" እናኸማሰመሰ ናይ መገስ ቃላት ኣሰምዐ። "እቲ ዝሓበርካና ሓብሬታ ሓቂ ስለ ዝኾነ ፈጺሙ ክጠራጠር ኣይከኣለን።"

"ጠዕ እወ ጠዕ!" ተጸረፈ ነጥሪ። "ሕጂ እንተሕሸዎ ከም ከልቢ ሞይቱ ኑብሱ ኣምሪታት ይገዛዘዮ።" ሃንደበት ኳሕ ዝበለ ናይ ካላሽን ጥይት ንቦኽሪ ኣሰንበዶ። "እንታይ ደኣለይ ዝሰምዕ ዘለኹ?"

"እንድዒ ተተኩሱ ማሰለኒ" መለሰ ሰግኣት ዝዓብለሎ ቦኽሪ።

"በል ቀልጢፍኩም ካብቲ ከባቢ ተኣለዩ። ማኪና ኣበይ'ያ ዘላ?"

"ምሳና!" በለ ቦኽሪ። "ኣብኣ ኩይና'የ ተቐቢለካ።"

"በል ብቕልጡፍ ተመለሱ። ኣብቲ ከባቢ ሰራዊት ስለ ዘለዉ ብቕልጡፍ ተሰወሩ።"

"ዳዊትከ ነጥሪ?"

"ባዕሉ ይፍለጥ! ንሱ ዝገበረ ገይሩ ብእግሩ ይምጻእ። ማኪና ሒዝኩም ክትጸበይዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እናሰማዕኩኻ ንኣውቲስታ ሓብሮ።"

"ኣውቲስታ ብቕልጡፍ ንመለስ" ቦኽሪ ሓበሬታ ኣመሓላለፈ።

ይቕጽል

# ካብ ዝግት

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

## ሰለምንታይ ኢና ኣብ ግዜ ሕርቃን ዓው ኢልና እንቛየቑ?

ሓደ መምህር ንተማሃሮኡ፥ “ሰለምንታይ ኢና ክንሓርቕ እንከሎና ዓው ኢልና እንቛየቕ?” ብምባል ሓተቶም።

እቶም ደቀመዛሙርቱ ንሓጺር ግዜ ኩሓሰቡ ድሕሪ ምጽናሕ ሓደ ካብኣቶም፡ “ምኽንያቱ ዓቕልና ስለዝጸንቀቕ ኢና ዓው ኢልና እንዛረብ” ብምባል መለሰ።

እ ቲ መምህር፡ ዝያዳ ዓው ይብሉ ማለት'ዩ።

ክልተ ሰባት ክፋቐሩ እንከለዉ ኸእንታይ ይኸውን?... ብዓውታ ኣይጭድሩን'ዮም፡ ህድእ ኢሎም'ዮም ዘዕልሉ። ሰለምንታይ ግን? . . . ምኽንያቱ ልቢ.ታቶም ኣዝዮን ዝተቐራረበ'ዮን። እቲ ኣብ መንጎ ልቢ.ታቶም ዘ ሎ ርሕቀት ኣ ዝ ዩ ሓጺር'ዩ። ዝ ያ ዳ



“ሰለምንታይ'ሞ እቲ ካልኣይና ኣብ ጥቓና እንከሎ ዓው ንብል? ህድእ ኢልና ክንዛረቦ/ባ ዶ ኣይንኽእልን ኢና?” ክብል ደጊሙ ሓተቶም።

እቶም ደቀ መዛሙርቱ ሕጂ'ውን ካልእ ዝመሰሎም መልሲ ሃቡዎ። እንተኾነ እቲ መምህር ብመልሶም ኣይዓገበን። ከም'ዚ ብምባል ድማ ክገልጸሎም ጀመረ፦

“ክልተ ሰባት ነንሓድሕዶም ምስ ዝተሓራረቑ ልቢ.ታቶም ኣዝዮን'የን ዝረሓሓቓ። ነዚ ርሕቀት'ዚ ብምሽፋን መታን ክሰማምዑ'ዩ ድማ ዓው ኢሎም ክዛረቡ ዝግደዱ። ዝያዳ ብዝተሓረቑ መጠን ኣብ ወሸጢ'ቲ ርሕቀት ንኽሰማምዑ እናተፋቐሩ ብዝኸዱ መጠን ከኣ ምዝራብ ገዲፎም ብሕሹኹታ'ዮም ዝረዳድኡ። እዚ ማለት ከኣ ብፍቕርም ተሓጊዞም ዝያዳ ተቐራሪቦም ኣለዉ ማለት'ዩ። ኣብ መወዳእታ ሕሹኹታ'ውን ኣየድልየምን'ዩ፡ ሓድሕድ ብምጥምማት ጥራይ ይረዳድኡ ማለት'ዩ። ዝተፋቐሩ ሰባት'ምበኣር ምቅርራቦም ክሳብ ክንደይ ምዃኑ በዚ ክንርድኦ ንኽእል ኢና።”

ስለዚ ብቑይቑ ልቢታትና ኣይንርሓሓቕ። እንተዘይኮይኑስ መምለሲ መገዲ ክሳብ ዝጠፍኣና እቲ ጋግ ኣገዚኡ ክዕቢ'ዩ።

## ኅታዊ ዝመስል ተፈጥሮ ሞራቪያ



እዚ ኣብ ስእሊ እንርእዮ ዘለና መሳጢ ምስሊ ንትንቢታዊ ፊልም መስርሒ ተባሂሉ ተጸባቢቑ ዝተዳለወ መድረኽ'ምበር ሓቀኛ ጽባቐ ኣይመስልን'ዩ። ኣብ ሕልምኻ ዝረኣየካ ገነታዊ ጽባቐ ጥራይ ኮይኑ'ዩ ዝስማዓካ። እቲ ዝገርም ግን ኣብ ደቡብ ሞራቪያ ዝተባህለ ዞባ ቸክ ሪፓብሊክ ናይ ዝርከብ ገጠራዊ ጽባቐ ብወዝቢ ዝተወሰደ ሓቀኛ ስእሊ ምዃኑ'ዩ።

ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝመጽኡ፡ ሓድሕድ ናይ ምትሕግጋዝ ክቡር ባህሊ ኣሎ። እዚ ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ'ዚ፡ ኣብ ኩለን ብሄራትና ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝዘውተር ዘኹርዕ ያታ'ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ'ዚ ናይ ክረማት ወቕቲ፡ ካብ ከበቢ ናብ ከባቢ'ኳ ዝፈላለ እንተኾነ ብሓፈሻ ግን እተን ርኹባት ስድራቤታት ነተን ድኽም ዝበላ ስድራቤታት፡ ክኸውን ክኸውን ብጎሞኡ፡ ካብኡ ሓሊፉ ግን መስቀል ብራቕ ዝምለስ ወለድ-ኣልቦ ልቓሕ እናሃባ፡ ነዚ ጸዋግ ናይ ክረምቲ ወቕቲ ተደጋጊፈን ክሰግራኦ ምርኣይ፡ ብኣና ቡየም ዋናታቱ ተራ ነገር ኮይኑ ክረአ ይኽእል'ዩ። ብሓቂ ግን ዘቐንእ ባህሊ'ዩ።

ብኣቡት ኣብ ብሄረ ትግርኛ እንተወሰድና፡ ማእሊያ ዘይብሉ ክሰዓብ ዘለዎ ወረጃ ልምዲታት ኣሎ። ሓደ

## ወፈራ

ካብ'ዚ ወፈራ'ዩ። ወፈራ መሰረት ጉዚ ወፈራ ጽሬት ከባቢ፡ ወፈራ ማሕረስ፡ ወፈራ ጸሀያይ፡ ወፈራ ዓጺድ፡ ወፈራ ምድኑብዳብ ህድሞ. . . ብዓብኡ ድማ ሃገራዊ ወፈራ ክረምታዊ ማእቶት ኣካል ናይ'ዚ ስልጡን ባህሊ'ዩ።

ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ሓብራዊ ዕዮ፡ እቲ በዓል ጉዳይ፡ ‘ደጠልመኒ'ኳ!?’ ኢሉ ከይተጠራጠረ፡ ዝዓቕሙ እኽሊ-ማይ ኣዳልዩ፡ ኣብ ሓደ ማህጺ፡ “ጉዛ ከሰርት ደልየ'ሞ፡ ዓደይ ሓግዙኒ” ብምባል ንኹሉ ዓዲ ይዕድም። ኩሎም ደቂ ዓዱ ድማ ጻውዒቱ ሰሚዖም ይመጽኡዎ። ዝሸምገሉ ብምኽሪ፡ ሱብ ሞያ ብጥበቦም፡ ሱብ ጉልበት ብጉልበቶም፡ እቶም ዘዋርክቡ'ውን ብዓይነት ደዩ ብገዝኡበ ንምሕጋዙ ይረባረቡ። ብእኡ መጠን ከኣ ኣድማዒ ዕዮ ይዕመም።

ወፈራ ዝልመዱ ግዜ፡ ዳርጋ ኩሉሳዕ ኣብ ማህጺ (ማህጺ = ንበዓል በዓሉ፡ ንስራሕ ስርሑ ማለት'ዩ)። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ዝጠዘሐ ሱብ ስርሑ ኣሳሊጡ ወይ በዓሉ ኮይኑዎ ዘዕርፈሉ ግዜ ብምዃኑ፡ ብጠዘሐ ሱብ ክትረኽበሉ እትኽእል ምቹእ ግዜ ስለዝኾነ'ዩ።

ብዘይካ'ዚ ወፈራ ክንዮ'ቲ ሓድሕዳዊ ምድግጋፍ፡ ብሰሪት ሓድሕድ ናይ ምቅርራብን ምብህሃልን ዕድል ስለዝርሑ፡ ካብ ዓዳዊ ወህደት ሓሊፉ ኣብ ሕብረተሰባዊ/ሃገራዊ ስምረት ዝጻወቶ ተራ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ፡ ነዚ ኣብ ገለ ከባቢታት ክዝሕል ጀሚሩ ዘሎ፡ ሓደ ካብ መግለጺ ክብረታት ሕብረተሰብና ዝኾነ ክቡር ባህሊ'ዚ፡ ናይ ምብርባሩን ምዕቃቡን እዋናዊ ዕማም መንእሰይ ወለዶ'ዩ!

## ካብ ጸዋታት ማሾኛ ተወልደ መዓሾ

ሓደ እዋን ሃጸይ ሃይለስላሴ ፊደረሽን ምስ ኣፍረሱ፡ ኣብ ዓዲ ኹላ ኣለማጸሁ ዝተባህለ ኢትዮጲያዊ ፈራዲ ኮይኑ ተመደበ። እዚ ሰብ'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብዘርእዮ ዝበረ ኣሽካዕላል፡ ህዝቢ ኣመና የማርርን ዕረ ይጥዕሞን ነበረ። ነቲ እከይ ተግባራቱ ምጽዋር ዝሰኣኑ ማሾኛ ተወልደ መዓሾ፡ እዛ ትስዕብ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዘብጽሓቶም ማሰ ኣሰምዑ፡

ካብ ዓዲ ኻና ጨካን ፈራዲ መጺኡና

ፈራዶ ባዕልና ተፈራዶ ባዕልና ከምዚይነበርና

እግሩ ከይደልደለ ጀሚሩ ክሳህጸና

ኣታ ሕጂዶ ግዳ ጥዒሙና

መንእሰይ ቁላሕታ ግዙሩ ተዋሓሲና

ዝበኢ ቀልጥፉ ጉሓፉልና

‘ታ ጸሀያይ ካብ ስራ መሓውልና

ሽቦ ሊጋብ ሽቦ. . . ኢልና ንዕጸድ ጸላእትና።

ብምባል መንእሰያት ኣንጻር'ቲ ስርዓት ንኽለዓል ጉስጎሰ። በዚ ድማ ከይጸንሑ ኣብ ማሕዩር ዓዲ ኹላ ተዳጉኑ።

ካልእ ግዜ ከኣ ካብ ኢትዮጲያ መሪብ ሰጊሮም ዝመጽኡ' ዓገር ዝወድኦም ናይ ነጋዶ ኣብዑር ገዚኦም ኣብ ክሳራ ምስ ኣተዉ ዝበሉሎም ማሰ እንሆ፡ -

ኣብዑር ኢትዮጲያ ኣይትጠዘሉ

ክትገዝኡም ዝመሰሉ ኣርሑ

መሪብ ምስ ሰገሩ ዝጽሕጽሑ

ግራውተይ ተሪፉ ብርወሑ

ደቀይ ከይበልዑ ኣኽሶብተይ ደኣ ረብሐ።

ምንጪ፡ ሓዳስ ኤርትራ 26 ሓምለ 2005

## ምስጢር ምዕቋር

ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ሓደ ውዑይን ሃልካፍን ቈልዓ ነበራ። ቈልዑ ልቦም ኩሉ ግዜ ክቕበልን ክሁብን ክፉት ስለዝገድፉዎ ምስጢር ኣይሕዙን'ዮም። ዓበይቲ ግን ልቦም ከም ካዝና ብሊኮቶን ተሸጋጥን ዝዕጾ፡ ብድሕሪኡ'ውን ብምስራዕ ኣሃዛት ዝኽፈት ስለዝኾነ ምስጢር ናይ ምዕቋር ክእለት ኣለዎም።

ሓንቲ ሰበይቲ ንሓንቲ ዘመዳ ክትበጽሓ ናብ ገዛኣ ከደት። ድሕሪ ሰላምታ ከኣ ኮፍ ኢለን ከዕልላ ጀመራ። ሻሂ'ውን ኣብ ግዜኡ ቀረበ።

“እታ ኣብ ወጻኢ ዘላ ጓለሞኺ ደሓንዶ ኣላ?”

“ጽቡቕ ኣላ እንታይ ከፊኡዋ. . . “

ሽዑ ብሃንደበት ካብ ክሽነ “ኣደ! እቲ ኣብ መዝሓሊ ዘቐመጥክዮ ፓስቶ ደኣ ዝበን ጋሻ ኣይትህብዮንን ዲኺ?”

እታ ኣደ ግን ለባም ስለዝነበረት፡ “እዋይ ሮቢ ወደይ ክንደይከ ትገብር ኢኻ፡ እሽከ ኣምጽኣዮ ቀርሲ እንተኾነ. . .”

ብሓጺሩ እቲ ውዑይ ቈልዓ ምስጢር ክሓብእ ፍጥረቱ ስለዘይነበረ ንኣዲኡ ኣብ ጸገም ኣእትዩዋ ነበረ። እቲ ፓስቶ ንሱብ ክትበጽሓሉ'ያ ገዚኣቶ ነይራ። ሳላ ክእለታ ግን ነቲ ኩነታት ተቘጻጺራቶ።

ምንጪ፡ - ሓዳስ ኤርትራ 4 ሰነ 2005

## ዘቤታዊ ፈውሲ



ጸምቖ ሮማን/ሚለግራና መዓልታዊ ብወሱን ዓቐን ምስ እንሰቲ ካብ ሕማም ልብን ትሑት ጸቕጢ ደምን ክከላኸለልና ይኽእል።

ኣብ ከርሽና ንዘፍጠር ኣቺዶት፡ ድሕሪ መግቢ ሓደት ቈጽሊ ራሓን ምሕያኽ ፍቱን መድሃኒት'ዩ። ቈጽሊ ራሓን ምሕያኽ ከም ጸረ ኣቺዶ ጥራይ ዘይኮነ ዘገልግል፡ ኣብ ምምጻይ መኣዚታት ናይ ኣካላት ሓጊዚ ስለዝኾነ ካብ ተምሳስን ነድሪ ከስዐን ይከላኸል።

ድሕሪ መግቢ ንእሽቶ ቁራጽ ቀንፍር ምምጻይ ንጸዮማት ኣቺዶት ከቃልለልና ይኽእል።

ብደቂቕ ዝተመትረ ሓንቲ ፍረ ጻዕዳ ሽጉርቲ ምስ'ቲ ኣብ ጥራሕ ከብድና ንገሆ ንገሆ እንሰትዮ ማይ እንተ ወሓጥና ንናይ ከስዐን መዓናጡን ጸገማት ኣብ ምፍኳስ ዘይሃዓቕ ተራ ይጻወት።

ጸሓይ ክረምት ዝመንቀሉ ሕማም ርእሲ፡ ጸምቖ ብርጭቕ ብምስታይ ክፍወስ ይከኣል። ንመዓልቲ ሓንቲ በኬሪ እኸልቲ'ያ።

ንገሆ ኣብ ጥራሕ ከብድና ሚሊ ብምብላዕ ሕማም መርዘዝና ንፍወሶ። እዚ ማስርሕ'ዚ ንገሆ ንገሆ ንሓደት መዓልታት ክቕጽል ይኽእል።

6 ሓብ ተምሪ ፍረኡ ኣውጺእና ኣብ ፍርቂ ሊትሮ ጸባ ብምእላኽ ን25 ደቓይቕ ኣብ ህዱእ ሓዊ ነፍልሖዮ። ድሕሪ'ዚ ኣብ መዓልቲ 3 በኬሪ ንሰቶ። እዚ ንደረቕ ሰዓል ፍቱን መድሃኒት'ዩ።

2 ማንካ ሻሂ መዓርን 2 ማንካ ሻሂ ጸምቖ ጅንጅብልን ሓዊስና ንሰቶ። እዚ ብልሓት'ዚ ሰዓልና ቀልጢፉ ብምብሳል ዓኺታን ንፋጥን ንደገ ክወጽእ ይሕግዝ።

ዝበሰለ ቀይሕ ሰር ቅድሚ ቁርሲ ብምብላዕ ድርቀትን ጸገማት ዘይምሕቃቕ መግብን ነወግድ።

ዘቤታዊ ፈውሲ ሰዓል ሽሮፕ ንምድላው 6 ማእከላይ ዓቐን ዘለዎ ሽጉርቲ ቀሪፍና ንመትሮ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ መኽደን ዘለዎ መትሓዚ ንገልብጦ። ኣብ መወዳእታ ምስ 4 ማንካ ጣውላ መዓር ሓዊስና ነቲ መትሓዚ ብጽቡእ ከዲንና ኣብ ልብጦ ዝበለ ማይ ን2 ሰዓታት ንቕምጦ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 3 ሰዓት ጸምቑ ኣብልና ሓደ ማንካ ጣውላ እናሰተና ንወድኣዮ።

ገጽ ሰንበት

ሃ.ግ.መ.ተ.ኤ

# “ሓደ በጻሒ (TOURIST) ዝቐለለ መሐበሪ-ጉዕዞ ክረክብ ኣለዎ!”

ዳንኤል ገብረሚካኤል ኣባይ

**• ምስ ኑብሰኻ ዶ ክትላልየና?**

- ዳንኤል ገብረሚካኤል ኣባይ እበሃል፡ ኣብ 1974 ኣብ ኣዲስ-ኣበባ (ኢትዮጵያ) ተወሊደ። ካብ 1 - 5ይ ክፍሊ ኣብ ቤት/ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ተማሂረ። ካብኡ ምስ ስድራ ናብ ጀርመን ኬድና፡ 9 ወርሒ ምስተቐመጥና ናብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊስና። 6 - 7ይ ክፍሊ ኣብ ካቴድራል ተማሂረ። እንተኾነ እቲ ግዜ ንኤርትራውያን ከቢድ ስለዝነበረ ናብ ኬንያ ኣምሪሕና። ኣብ ኬንያ ኣብ ሓንቲ ኣሕዳሪት ቤት/ትምህርቲ ጀሚረ እቲ ናብራን ምንባርን ስለዘይማእመአ ናብ ዓዲ-እንግሊዝ ኣብ 1989 ግዒዝና።

**• ንኤርትራ ኸ መጺኻ ዶ ኔርካ?**

- ወዲ 10 ዓመት እንከለኹ ኣብ 1984 መጺአ ነይረ ምስ ስድራ። ንስድራቤት ወለደይ ተላልየዮም ንኣስመራን ባጽዕን ከኣ ርእየየን።

**• ጉዳይ ትምህርትኻ ኸ?**

- ኣብ ሎንደን ካብ ፍርቂ 10ይ ክፍሊ ጀሚረ።

**• ሓፈሻዊ ውጽኢትካ ከመይ ነይሩ ኣብ ትምህርቲ?**

- ደሓንየ 1-10ይ እወጽእ ነይረ። ኣብ ሓደ ዝበለጸ ናይ ኣርት ቤት/ትምህርቲ ኣትየ።

**• ብኸመይ ድኣ ናይ ኣርት ቤት-ትምህርቲ መሪጽካ ዝንባለ ነይሩካ ድዩ?**

- እፈትዎ ነይረ ኑቲ ዓውዲ፡ ኣደይ’ውን ካብ ህጻነይ ብርሳስ ክስእል ይውዕል ከምዝነበርኩ ትነግረኒ እያ።

**• ቅብኣ ትፈታትን ዲኻ?**

- እፈታትንየ ኣብ’ቲ ቤት-ትምህርቲ ድማ ኣርት-ዲዛይን ተማሂረ ዲዛይነር ኰይነ። ኑቲ ድሕረ-ባይታ ከኣ ኣርት የድልየካ’ዩ። ቀጺለ፡ ግራፊክ-ዲዛይን ተማሂረ። ዋዒ ስለዝነበረኒ ኣብ ትምህርቲ ደኺመ፡ ፈለማ ግና ካብ 22 ተማሃሮ ኣነን ካልኣየይን ኢና ተጸንቢርና። ድሓር ንድኻመይ ኣሪመ፡ ፕሮዳክት ዲዛይን ኣጽኒዐ።

**• ተመሪቕካሉ ዶ’ሞ?**

- እወ ብኢንጅነሪንግ ፕሮዳክት ዲዛይን ተመሪቐ። ብማንፋክቸሪንግ ዲዛይን ቅሩብ ሰሪሐ። ሕጂ ግና ብግራፊክ ዲዛይንየ ዝያዳ ኣማዕቢለዮ። ኣብ ሎንደን ቡክሌትስ፡ መጽሄታት ይሰርሕ ነይረ።

**• ብኸመይ ኢኻ ነዚ ኣዳሊኻዮ ዘሎኻ መሐበሪ መጽሓፍ ኣዳሊኻዮ?**

- ኣነ ቦታታት ምብጻሕ ስለዝፈቱ ብባህረይ እውን ንበይነይ ክኸይድ ደስ ስለዝብለኒ ናብ ከተማታት ኤውሮጳ ይበጽሕ እየ። ኑተን ከተማታት ዘላሊ ቱር-ጋይድ ድማ ይሕዝ እየ። ሽዑ ብዘይ ሰብ በቲ መሐበሪ ይዛወር።

**• ናብ ኤርትራ ኸ መጺኻ ዶ ኔርካ ዓዲ-ኣንግሊዝ ድሕሪ ምእታውካ?**

- እወ! ቀልጢፈ ኸኣ መሐበሪ ጉዕዞ ገዚአ። ንኣስመራ ብዘይ ቤተ-ዘመድ ክፈልጣ ደልየ። ኑቲ መሐበሪ ጉዕዞ ክሕዞ ከም ዘለዎ ፈሊጠ ሓቲተ፡ ገለ ሰባት ምስ ቴድሮስ ዝበሃል ትረቨል ቱር-ጋይድ እዩ ኣላልዮምኒ። መሐበሪ ጉዕዞ ደልየ ኢለዮ ኣምጺእለይ። እንተኾነ እቲ መሐበሪ ወረቐት ገዚፉ፡ ኣብ ከተማ ክትግንጽሎ የሰክፈካ። ሽዑ ምስቲ ኣቐዲመ ዝረኣኹዎ መሐበሪ ናይ ኤውሮጳ ኣብ ውሽጠይ ቅንኢ ተሰሚዑኒ።

**• ብዛዕባ ናይ ኣስመራ ጽባቐ ኸ ዕላል ነይሩካ ዶ?**

- እወ! እቲ ቐንዲ ግና ኣቡቲ ናይ ቤተ-ሰብና ቤት-መግቢ “ቤት መግቢ ሞሶብ” ብዙሕ ሰብ እዩ ዝእንገድ። ሓደ ኤድዋርድ ጀኒሰን ዝተባህለ እንግሊዛዊ ዝጸሓፉ “ኣዝማራ-ኣፍሪካስ ሰክረት ሞደርኒስት ሲቲ”፡ “ኣዝማራ ቢላቨድ” ብሓደ ወዲ ፊንላንዳዊ ዝተጻሕፈ ርእየ ነይረ።

**• እሞ እንታይ ተሰሚዑካ?**

- እዚኦም ከምዚ ዝጽሕፉ ድኣ ኣባይ ኣለው፡ እቶም ሓበሻ ኢለ። ሓቂ ይሓይሽ ፍሉጥ ኣርክቴክት ናይዝጊ ዝተባህለ ንኤድዋርድ ጀኒሰን ከም ዝሓገዞ ፈሊጠ እየ። ግና ይስመዓካ እዩ።

**• ብዛዕባ እንታይ’ዩ ዝገልጽ እቲ መጻሕፍቲ?**

- እንተዘይተጋግየ ዩኔስኮ ዝመወልዎ እዩ መስለኒ ብዙሕ ኣፍልጠ የብለይን። ኤድዋርድ ኣርክቴክት ግዲ ኾይኑ ብዛዕባ ኣስመራ ጥራይ እዩ። ናይቲ ወዲ ፊንላንዳዊ ድማ ከምኡ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ኣስመራ፡ ንዓይ ኣየዕገበንን ንውሽጠይ ግና ድርኺት ፈጢሩለይ እጃመይ ከበርክት ኣሎኒ ኢለ።

**• ብኤርትራውያን ዝተጻሕፈ ኸ ኣይረኸብካን?**

- ኣብ ሎንደን ኽረክብ ኣይክኣልኩን ናብ ኤርትራ ምስ መጻኹ ግና ሓንቲ ብጫ መጽሓፍ ረኺበ ነይረ።

**• ሕራይ ቐጽል**

- ናብ ሎንደን ክምለስ እንከለኹ ዝጠቕመኒ ሰነዳት ሒዘ ኸይደ። ብጣዕሚ ስለዝተሰምዓኒ ብዛዕባይስ ካልእ ዜጋ ኽነግረኒ ኢለ ማለት እዩ። ኸመይ ገይረ ብዝሓሸን ብዝቐለለን ንኤርትራ ከተፋልጣ ይኽእል ኢለ ሓሲበ። ንኤርትራ ኩላ በጺሐያ።

**• እሞ ኸመይ ስነምካ?**

- ኑቲ ናይ ከተማታት ኤውሮጳ ዝኣከብኩዎ መሐበሪ ጉዕዞ ብደቂቕ ፈቲሸዮ። ኑቲ ካብ ኤርትራ ዝተማላእኩዎ ገዚፍ መሐበሪ ወረቐት እውን ኸምኡ። ተጠቂምካ ዘይድርበ ብመልክዕ መጽሓፍ ብዝበለጸ ወረቐትን መሸፈኒ ጎማን ኽዳልዎ ወሲነ።

**• ኣብ ጉዕዞ ካሜራ ትሕዝ ዲኻ?**

- እወ፡ ኣብ 2011 ቅሩብ ሰኒደ ነይረ። ኣብ ካልኣይ እግረይ ናይ 2012 ግና ተዳልየ መጺአ፡ ዘድልየኒ ወሲደ።

**• በየን ጀሚርካ?**

- ናይ ኣስመራ ማፕ ርእየዮ እየ። ቀንዲ መወከሲ ዝተጠቐምኩሉ ኣብ ሎንደን ኣብ’ቲ መገዲ ባቡር “ሎንደን ኣንደር ግራውንድ ቱር ማፕ” ኣሎ እቲ ነዚ ዝሰርሖ ሃሪ በክ ዝበሃል ፍሉጥ ሰብ እዩ። ዝበለጸን ዘየጋግን መሐበሪ ጉዕዞ እዩ።

**• ንእሽቶ እስከ ብዛዕባኡ ሓበሬታ ሃበና?**

- ንኣብነት ካብ ኣስመራ ናብ ባጽዕ እንተደሊኻ እቲ ጆኦግራፍ ሴት ኣፕ ዘይኮነ እቲ ቀንዲ ቦታን መንገድን እዩ ዘድልየካ፡ ኣብ መንገዲ ዘለዋ ፍሉጣት ዓድታትን ከተማታትን፡ ርሕቀት ምፍላጥ’ዩ።

**• መስመር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ’ቲ መስመር ዘሎ ታሪኻዊ ቦታታት ከ የርኢ ድዩ?**

- ከመይ ድኣ የርኢ እወ! ከተማ-ከረን እንተኢልና እቲ ኣቐዲሙ ዘይተጠቕሰ ኣርክተኽቸር፡ ካልቸር፡ ሕዝቢ ዝነብረሉ፡ ዕዳጋ ብስእልን ሓበሬታን ይነግረካ። ካብዘን ሰለስተ ኣብ ሓደ ተጠርኒፈን ዘለዋ መወከሲታት እታ ማፕ ተሰሪሓ እያ፡ ኣቐዲማ ማለት እዩ። ብኻልእ መልክዕ፡ እዘን ክልተ ግና ፍሉይነት ኣለወን።

**• ሕራይ ቐጽል።**

- እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተዳለወ ብጸሊምን ጻዕዳን ኣሳእል እዩ። እዚኣ ግና ሕብራዊት እያ። (COMPACT, CONSENSUS COLOUSFULL ብሓንሳብ እየ ኸጣምሮ ፈቲነ። ንመሓዛ ኸኣ ቀላል እያ ከም ፖርቶፌልዮ እያ።

**• ኣሃውን ገለ ፍሉይነት ርእየ ኣለኹ...**

- እወ ንኣብነት እዛ ናይ ኣስመራ... ኣስመራ 13 ዓበይቲ ጎደናታት ከም ዘለዋ ይሕብር። ናይ ፖሊስ፡ ሕክምና ዝኣመሰሉ ንጋሻ በጻሒ ዘገልግሉ ቦታታት ትሕብር። ጋሻ ወጻእተኛ ፈለማ ኽጥቀመሉ’ም ዝኽእል ብቛንቋ ትግርኛ ተዳልዩሉ እዩ። ንመላለዪ ዝኣክል ኩነታት መግዛእትን ገዛእትን ኤርትራ ዝገልጽ ሓበሬታ ፍሉጣት ኤርትራውያን ኣቦታት ማለት ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ዝበሉዎ ተኻቲቱ ኣሎ።

**• ኣብ ገበር ዘሎ ስእሊ ብኸመይ መሪጽካዮ?**

- ንኹሉ ብሓደ ዓይኒ ኽርእዮ ስለ ዝደለኹ።

**• እቲ ኣሳእል ሓድሽ ድዩ ወላስ ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝተሳእለ ዝወሰድካዮ እዩ?**

- 80 ሚእታዊት ባዕለይ ዝሰኣልኩዎ 20 ሚእታዊት ግና ፕሮፌሽናል ፎቶግራፈክስ ኤሪክን ዴቪድ ስታንሊን ዝተባህሉ ናብ ኤርትራ መጺኦም ካብ ዝሰኣልዎ እየ ወሲደዮ። ኣፍቂደዮም እየ፡ ስሞም ድማ ኣብቲ መጽሓፍ መዝጊበዮም ኣለኹ።

**• ብዘይካቶም ዝውቱራት ኣሳእል ሓደስቲ ኣሳእል ርእየ ኣለኹ?**

- እወ ፈታትሸ ዝሰኣልኩዎ እየ።

**• ሓበሬታ ኻበይ ረኺብካ?**

- ቴድሮስ ዝተባህለ ቱር-ጋይድ እዩ ሓጊዙኒ።

**• ኣብ ጉዕዞ ምድላው እዛ መጽሓፍ ሓበሬታ ጉዕዞ እንታይ ጸገም ኺፍካ ወይስ ስሩዕ ከይዱልካ?**

- ኣብ ምእካብ ኣሳእል ጽቡቕ ምስ ሰጒምኩ፡ ኣነ ጸሓፋይ ስለ ዘይኮንኩ ዝመስለኒ እየ ጽሒፈ። ደስታ ትበሃል ኤርትራዊት እንግሊዛዊት ደራፊት እያ ሓጊዛትኒ።

**• ሕራይ ቀጽል**

- ሶልያና ዲዛይን ገይረ ምስ ሃብኩዋ ንሳ ድማ ተጻፍፊለይ። ቢንያም ሓወይ ኣደይ’ውን ብሞራል፡ ቴድሮስ፡ ሄንሪ ዝተባህለ ኡጋንዳዊ ብሓጺሩ ኣተባቢያምኒ እዮም።

**• ወጻኢታት ከ ከመይ እዩ?**

- ኣብ ኳሊቲ ስለዝተገደስኩ እቲ ናይ ገበር ጎማ ካብ ቻይና እየ ኣምጺአዮ ማሕተም ድማ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ስለዚ ብዙሕ ወጻኢታት እየ ኣፍሲሰላ።

**• እሞ ከም ሓሳብካ ተዓዊትካ ዶ?**

- ከመይ ደኣ ልዕሊ ኩሉ ዕላማይ ተዓዊተሉ እየ። ኣብ’ቲ ናይ ቤተሰብ “ቤት-መግቢ ሞሶብ” መግቢ ጥራይ ኣይኮናን ንሸይጥ። ንኤርትራ’ውን ነላልያ ኢና።ብዙሕ ቃልሲ ኢና ነካይድ።

**• ነዛ መጽሓፍካ ሸሚቶም ናብ ኤርትራ ዝመጹ በጻሕቲ ኺፎምካ ዶ?**

- ሓደ ኢጣልያዊ ኣብ’ዚ ቀረባ ሰሙናት ኽመጽእ እዩ፡ ነዛ ቡክሌት ምስ ኣንበበ፡ ብዛዕባ ከረን-ሆቴል ተመሲጡ ነይሩ።

**• ብወግዒ ዲኻ መሪቕካያ እታ መጽሓፍ?**

- እወ፡ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ዝርከቦም ብዙሓት ኣጋይሽ ኣብ ዝተረኽብሉ ተመሪቓ። ብዘይ’ዚ ኣምባሳደር ነታ መጽሓፍ ስለዝፈተዋ ሰለስተ መጽሓፍ ሃቢኒ፡ ኢሉኒ ናብ ሚኒስትሪ ዜና፡ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ናብ ቤት/ጽሕፈት ፕረዚደንት ልኢኹዎ መስለኒ። ሓደ ጋዜጠኛ ብዛዕባ’ታ መጽሓፍ ብቴሌፎን ኣዘራሪቡኒ ኣብ ጋዜጣ ኤሪትርያን ፕሮፋይል ተሓቲሙ ስለዝነበረ ሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ ኣንቢባቶ ጸኒሓ። ምስቲ ናይ ኣምባሳደር ሓበሬታ ድማ ኣነ ናብ ኤርትራ ምስ መጻኹ፡ ረኺበያ። ነታ ስራሕ ፈትያታ። ብቛንቋ ትግርኛን ዓረብን ክሕተም ከም ዝግባእ ነጊራትኒ። ኩሉ ሰብ ኣብ ኢዱ ክሕዛ ዘለዎ እያ።

**• እቲ ጥበብ ድዩ ወይስ እቲ መንነት እዩ፡ ነዚ ስራሕ ደሪኹካ?**

- ንኽልተኡ ክተራኽቦ ኣሎካ! መንነተይ ከይፈለጥኩ ብዛዕባ ኤርትራ ክዛረብ ኣይክእልን እየ። ኣብ ኤርትራ ተወሊደ ስለዘይዓበኹ መን ምኳነይ እቶም ግዱሳት ወለደይ እዮም ሓጊዞምኒ። እቲ ጥበብ ድማ ኣብ ውሽጠይ ጸኒሑ፡ ስለዚ ንኽልቲኡ ኣራኺበዮ።

**• ቋንቋ ትግርኛ፡ ጽቡቕ ኢኻ ትመልኽ ?**

- እወ ዋላ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንከሎና ኣቦይ ብዛዕባ ዓዱን ቋንቋኡን ግዱስ ነይሩ። ብኣምሓርኛ ተዛሪብናዮ ብትግርኛ ይምልሰልና ተኾስኵስና ኢና ዓቢና።

**• መንእሰይ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብል?**

- ኣብ ትምህርቲ ኽግድስ ኣለዎ ሓንጎል ብትምህርቲ እዩ ዝበልሕ፡ ገንዘብ ድማ ውጽኢት እዩ።

**• ተመርዒኻ ዶ?**

- ኣብ ዝሓለፈ ቐረባ እዋን ምስ ፌቨን ገብረኺዳን ዝተባህለት ተመርዕየ ኣለኹ።

**• ስጡጥበበኛ ድያ ንሳ ኸ?**

- ኣድናቒት እያ። ብዘይ’ዚ ኣብ ቤት-ስእሊ ትሰርሕ ርግበ ዝስማ ሓብቲ ኣላታ። ምስኣ ኰይንና ዘዳለወአ ስእሊ ይልእኻለይ ነይረን። ናይ መንደፈራ ኣሳእል ናታ እዩ፡ ናይ ርግበ። በዓልቲ ቤተይ ድማ ኣማኻሪት ዝዓይነታ እያ።

**• ዘገረመካ ፍጻመ ኣሎ ዶ? ኣብ ዕዮ’ዛ ናይ ሓበሬታ መጽሓፍ?**

- ብዘይካ እቶም ወጻእተኛታት ገለ ገለ ኤርትራውያን እውን ሓደ ጻዕዳ ወጻእተኛ ዘዳለዎ እዩ ዝመስሎም። ኣቐዲመ ከኣ ብኤርትራዊ ዝተዳለወ ምዃኑ እየ፡ ዝነግሮም። እዚ ካብ ዘገርመኒ እዩ።

**• ናይ መጻኢ መደብካ እንታይ እዩ?**

- እዚኣ ጽቡቕ እንተተዘርጊሓ ባህላዊ ዝኾነ ዕዮ ኽዳሉ መደብ ኣሎኒ።

**• ዓወትን ኣሳልጠን ንምጸልካ**

- የቐንየለይ።

**ኣዳላዊ- የውሃንስ ሃብተገርግስ (ጆን ሜራ)**



# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

## ኩሉልየኩም

## ሚካኤል - ተውሳኺ ኣብ ስፖርትን ሕክምናን



ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንጋንታታት ማይ ተመናይ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፣ ንዞባ ጥንዳ ከኣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዘሰልጥን ዘሎ ኮይኑ፣ ንደቂ ኣንስትዮ ገዛ ጥንዳ 9 ግዜ፣ ንማይተመናይ ከኣ ን3 ግዜ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ንክኾና ዝገበረ ዕውት ኣሰልጣኒ ኩዕሶ መርገብገብ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ንሱ ብክሊኒካል ላቦራቶሪ ሳይንስ ብድግሪ ዝተመረቐ በዓል ሞያ ሕክምና'ዩ። ኣብ 2006/ 2007 ከምኡ'ውን ኣብ 2008 ብሉጽ ኣሰልጣኒ ኩዕሶ መርገብገብ ዞባ ማእከል ኮይኑ ተሸሊሙ።

ምሉእ ስሙ፣ ሚካኤል ተኽለሚካኤል ተወልደብርሃን ይብሃል። ኣብ መፋርቕ 1970ታት ኣብ ሰገነይቲ ዝተወልደ ሚካኤል፡ ዕድሚኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ብ1983 ኣብ ቁዱስ ጳውሎስ (ናይ ሕጂ ቤ/ት ሰላም) ናይ መባእታ ትምህርቱ ጀሚሩ። ብድሕሪ'ዚ ብ1986 ምስ ወላዲኡ ንሳሕል ብምውራድ፣ ካብ 2ይ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤ/ት ሰውራ ተማሂሩ።

ኣብ 1990 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፉ፣ ክሳብ 1993 ኣብ ሰራዊት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሓምለ 1993 ተጣይሱ። ነቲ ኣቋሪጽዎ ዝነበረ ትምህርቲ እንደገና ብምምላስ፡ ናይ ማእከላይ ትምህርቱ ኣብ ቤ/ት ማርቲን ናይ ካልኣይ ደረጃ ከኣ ኣብ ቤ/ት ባርካ ዛዚሙ። ብድሕሪ'ዚ ማትሪክ ተፈቲኑ ንዩኒቨርስቲ ዘሕልፍ ነጥቢ ስለዝረኸበ፡ ኣብ 1999 ናብ ዩኒቨርስቲ ኣትዩ ትምህርቱ ብምቕጻል፡ ኣብ 2003 ብደረጃ ክሊኒካል ላብራቶሪ ሳይንስ ብድግሪ ተመሪቑ።

እዚ ካብ 2004 ጀሚሩ ጎድኒ-ጎድኒ ናይ ምስልጣን ስርሑ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታላቦራቶሪ ተክኒሽያን ኮይኑ ሃገራዊ ግቡኡ ኣብ ምፍጻም ዝርከብ ሚካኤል፡ ተመሃራይ ካልኣይ ደረጃ ቤ/ት ባርካ ከሎ'ዩ ፍቕሪ ጸወታ ኩዕሶ መርገብገብ ክሓድሮ ጀሚሩ። ንሱ፣ ጉልበት ምስ ምኻኑ ንጸወታ ኩዕሶ መርገብገብ ብቑዕ ክኸውን ከም ዝኽእል ብኣጋኡ ዝተረድኦ ኣሰልጣኒ ኤርምያስ ክንፈ፡ ኣብ ትሕቲኡ እናኣለየ ን4 ዓመታት ንቤ/ት ትምህርቲ ባርካ ወኪሉ ከም ዝጻወት ገይሩዎ።

ሚካኤል፡ ተመሃራይ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ኣብ ዝነበረሉ ንጋንታ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ወኪሉ ካብ 1999 ክሳብ 2005 ኣብ 1ይ ዲቪዥን ተጻዊቱ። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ጋንታ ናትና ካብ 2005 ክሳብ 2008 ምስ ጋንታ ኣቡሳላማ ከኣ ካብ 2008 ክሳብ 2010 ተጻዊቱ። ከም ተጻዋታይ ኮይኑ ምስ ዝተጻወተለን ጋንታታት ብርክት ዝበለ ዓወታት ተጎናጺፉ'ዩ። ሓሊቓ ጋንታ ኮይኑ ሜዳ ኩዕሶ መርገብገብ ኣብ ዝተሰለፈሉ ድማ ኣብ ምኽልኻልን ምጥቃዕን መሪሕ ተራ ይጻወት ነይሩ።

ሚካኤል፡ ኣብ 2004 ካብ ተጻዋታይ ናብ ምስልጣን ተሰጋጊሩ። ናብ ምስልጣን ንኽኣቱ ዝደፋፍኦ ምኽንያት ተጻዋታይ ጋንታ ገዛ ጥንዳ (ዛራ) ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣሰልጣኒ'ታ ጋንታ መኮንን ዘውዱ ኣብ ዘይህልወሉ ነታ ጋንታ ከሰልጥን ዕድል ይኸሆ ስለዝነበረ፡ ብኡኡ ተጸልዩ ኣሰልጣኒ ክኸውን በቒዑ። ናይ ምስልጣን ስርሑ ከኣ ኣብ ሚያዝያ 2004 ምስ ጋንታ ገዛ ጥንዳ ደቂ ኣንስትዮ ፈሊሙ። ከም ኣሰልጣኒ ጋንታ ደቂ ኣንስትዮ ገዛ ጥንዳ ኮይኑ ድማ 9 ግዜ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል፡ 9 ግዜ መዓልቲ ናጽነት፡ 4 ግዜ ዋንጫ ሰማእታት፡ 3 ግዜ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ዓቲሩ። ጋንታኡ ገዛ ጥንዳ ድማ ኣብ ሃገራዊ ውድድር 2011 ካብ ዞባ ማእከል ቀዳመይቲ ወጺኣ።

ንጋንታ ማይ ተመናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ 3 ግዜ ማለት ኣብ 2010/2011/2012 ዓ.ም ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ክኾኑ ኣብቂዑ።

ዝሰልጠነን ጋንታ ብሉጻት ኮይነን ንኽወጻ፣ ልምምድ የጽዕቕ፡ ናይ ስነ ልቦና ምቕርራብየም የዕብዩ፡ ተጻወትቲ ሓድነት ክህልዎም ይጽዕር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቴክኒክ ኩዕሶ መርገብገብ የድህብ፡ ተጻወትቲ ሕግታት ኩዕሶ መርገብገብ ኣድቂቖም ንኽፈልጡ ይጽዕር - ብመሰረት ሓበሬታኡ። ካብ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ መርገብገብ ኤርትራ ዝነበረ ኣፍሰዉር ሰዩም የውሃንስ (ማስተር) ብዙሕ ከም ዝተሞኮረ ድማ ይጠቅስ።

ሚካኤል፡ ኣብ ፈስቲቫል 2012 ኣብ ናይ ገምገም ባሕሪ ውድድር፡ ገዛጥንዳ ደቂ ኣንስትዮ 1ይ ደረጃ፡ ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ማይ ተመናይ ከኣ 2ይ ንኽወጽኣ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ።

ሚካኤል፡ ኣብ ናይ ምስልጣን ስርሑ ዝሕግዞ ኮርሳት፡ ኣብ 2007 ናይ ለቨል '1' ኣብ 2008 ናይ ለቨል "2" ወሲዱ። ኣብ'ቲ ስልጠና ካብ ዝተሳተፉ ሰልጠንቲ ከኣ ብሉጽ ተባሂሉ ተሰይሙ።

ኣሰልጣኒ ሚካኤል፡ ኣብ 2011 ምስ ኣሰልጣኒ ሄኖክ የውሃንስ ብምኳን ናይ 1ይ ደረጃ ሰልጠንቲ ኩዕሶ መርገብገብ መሰልጠኒ ማንዋል ከምኡ'ውን ኣብ 2013 ምስ ጳውሎስ ወ/ሃይማኖትን ኣሰልጣኒ ሄኖክ የውሃንስን ብምኳን ናይ ጀመርቲ ስልጠና፡ መሰልጠኒ ጽሑፋት ኣዳልዩ።

እዚ ምኩርን ዕውትን ኣሰልጣኒ፡ ንኩዕሶ መርገብገብ ዝምልከቱ ስልጠናታት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋን ሂቡ'ዩ። ኣብ መስከረም 2010 ናይ 1ይ ደረጃ ስልጠና ሓ/ ምክልኻል ምስ ኩባዊ ኣሰልጣኒ ብምኳን ፈላሚ ስልጠና ሂቡ። ኣብ ሕዳር 2010 ከኣ ምስ ቴድሮስ ኣጽብሃ ብምኳን ኣብ ከተማ ከረን ናይ ክልተ መዓልቲ ኣፈናዊ ስልጠና ኩዕሶ መርገብገብን ሕግታት ኩዕሶ መርገብገብን ዝብል ትምህርቲ ኣብ ከረን ሂቡ። ብዘይካ'ዚ ኣብ 2011 ናይ 1ይ ደረጃ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ን6 መዓልቲ ሂቡ።

## ሙለር - ሓበን ጀርመን

ቶማስ ሙለር፡ ኣብ መስከረም ናይ 1989 ኣብ ሸይሀይም ኣበርበየም - ምዕራብ ጀርመን ተወሊዱ። እዚ፡ ምስ ባየር ሙኒክን ሃገራዊት ጋንታ ጀርመንን ተሰሊፉ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ንቕያ ዘብል ስራሕ ኣብ ምፍጻም ዝርከብ ተጻዋታይ፡ ጀርመን ዋንጫ ዓለም 2014 ንኽትዓትር ካብ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሮ ተጻዋታይ'ዩ። ንሱ ብዘውንኖ ኒሕ፡ ልዑል ጥበብ ናይ ኣተሓሕዛ ቦታ ዝያዳ ይምጎስ፡ ሽቶታት ኣብ ምፍጣርን ምምዝጋብን ዘለዎ ዕዙዝ ብቕዓት ድማ ኣብ ዋንጫ ዓለም ብራዚል ብግብሪ ኣርእዩ'ዩ።

ኣብ 2000 ዓ.ም. ገና ቁልዓ 10 ዓመት ከሎ፡ ናብ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ክጽንበር ኸኣለ። ካብ ንእስነቱ ብባየር ሙኒክ ተኾስኲሱ ዝዓበየ ሙለር፡ ኣብ 2009/10 ዳርጋ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግጥም ናብ ሜዳ ብምውራድ ክለቡ ናይ ሊግን ዋንጫን ድርብ ዓወታት ክትሓፍስ ንኡድ ኣበርክቶ ገይሩ።

ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2010 ሃ/ጋንታ ጀርመን ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ክትዛዝም ከላ፡ ሙለር ኣብ ሽዱሽተ ጸወታታት ሓሙሽተ ሽቶታት ብምምዝጋብ ዝልዓለ



ኣመዝጋቢ ሸቶ ናይ'ቲ ዘርያ ኮይኑ ወርቃዊት ጫማ ተሸሊሙን ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰይሙን። ኣብ 2013፡ ክሳብ 2015 ዘጽንሖ ሓድሽ ድማ ውዕል ምስ ባየር ሙኒክ ከቲሙ።

ነታ ክለብ ከኣ ልዕሊ'ቲ ዝተጸበዮቶ ውዕለታ ከፊሉዋ'ዩ።

ቶማስ ሙለር፡ ባየር ኣብ 2010 ተዓዊቲት ጀርመን ምኳና ዘረጋገጸትሉ ግጥም፡ ንፈለማ ኣብ ሞያዊ ህይወቱ ሃትሪክ ሰሪሑ። ኣብ'ቲ ከም ናይ ዓባይ ጋንታ ተጻዋታይ ዝተሰለፈሉ ናይ መጀመርታ ወቕቲ ኣብ 52 ጸወታታት ብድምር 19 ሸቶታት ምስ ኣመዝገበ ኣብ ስፖርታዊት መጽሔት፡ ሱብ ሞያ ስፖርት ብዝሃብዎ ዓብላሊ ድምጺ "ዝበለጸ ሓድሽ ተጻዋታይ ናይ ወቕቲ 2009/10" ተባሂሉ ዝና ከጥሪ ከሎ፡ ምስ'ታ ዝበለጸት ጋንታ ቡንደስሊጋ 2010/11 እውን ተረቒሑ።

ኣብ መጋቢት 2012 ም ምስ ባየር ሙኒክ ክሳብ 2017 ኣብ ሕቆፎኣ ዘጽንሖ ናይ ክልተ ዓመት ውዕል ፈሪሙ። ባሕቲ ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ዛዛሚ ግጥም DFB - Pokal 2012/13 ንሱ ዘመዝገባ ሸቶ ፍጹም ቅላዕ ከኣ ባየር ሳልሰይቲ ታሪኻዊት ዋንጫ ንምዕታር በቒዐት።

ንወቕታዊ ውድድራት 2013/14 ኣብ 12 ቀዳመ ወቕታዊ ጸወታታት ሽውዓተ ግዜያት ሽቶታት ኣመዝጊቡ ንክለቡ ዝመንጎደ ሙለር፡ ኣብ'ቲ ባየር ንሽዋርዝ - ሸይብ ሪደን 5 ብ0 ዘሰዓረትሉ ግጥም ሽዑ'ውን ሃትሪክ ብምስራሕ ንፈተውቱን ደገፍቱን ልግዐ ኣድሪሩ ከይኣክል፡ ኣብ'ቲ ዶሩሲያ ዶርትሙንድ 2 ብ 0 ዝተሳዕረትሉ ናይ መወዳእታ ጸወታ DFB-Pokal እውን ሓንትን ጽብቕትን ሸቶ ብምምዝጋብ ክለቡ ኣብ ታሪኻ ንዳስራይን ድርብን ዋንጫ ሊግ ክትዓትር ልዑል ኣበርክቶ ገበረ።

ዚ ምስ ባየር ክሳብ 2019 ዘጽንሖ ካልእ ሓድሽ ውዕል ኩቲሙ ዝርከብ ቶማስ ሙለር፡ ህቡብ ተጻዋታይ ጀርመን ነበር ገርድ ሙለር፡ "ሙለር፡ ዓቢ ተጻዋታይ ከም ዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን" ክብል ብኣድናቖት ይገልጾ።

ኣብ 2004 ምስ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ካብ ዝሰለፍ ጀሚርካ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ንጀርመን ወኪሉ ብዝተፈላለየ ደረጃታት ተጻዊቱን ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ሙለር፡ ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2010 ጀርመን ንኣውስትራልያ 4-ብ0 ክትድህካ ከላ ናይ'ቲ ወርሒ ዝበለጸት ሸቶ ዘመዝገበ ተባሂሉ ተሸሊሙ'ዩ። ብሓፈሻ ሓሙሽተ ሽቶታት ብምምዝጋብ ድማ ናይቲ ዙር ዝልዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ብምኳን ወርቃዊ ጫማ ኣብ ርእሲ ምሽላሙ፡ ንጋናዊ ኣንድረ ኣየውን መክሰካዊ ጆቫኒ ዶስ ሳንቶስን በሊጹ ከኣ ንዝንኣሰን ዝበለጸን ተጻዋታይ ዘውሃብ ተወሳኺ ሽልማት ክዓትር በቒዑ።

ሙለር ኣብ ታሕሳስ 2009 ንኽልተ ዓመታት ዝኣክል ዓርኩ ምስ ዝነበረት ሊዛ ዝስማ ምጭውቲ ሞዴሊስት ቃል ኪዳን ኣሲሩ። ካብ ክራማት 2011 ጀሚሩ ከኣ ጎድኒ ጎድኒ ስፖርታዊ ህይወቱ፡ "ያንግዊንግስ" ናይ ዝተባህለ ብሕማም ቀትሲን ዝኽትምናን ንዝሳቐዩ ህጻናት ዝሕግዝ ትካል ኣምባሳደር ኮይኑ ብንጥፈት ብምውሳእ ዝምስጉን ሰናይ ተግባር ኣብ ምስልሳል ይርከብ።



# ሰንበት ምስ ቆልዑ

ሰናይ ዮናስ



# ወግዒ ኣቦይ ያሲን



ፍቱዋት ደቀይ ከመይ ቀኒኹም? ጽውጽዋይ'ዶ ትፈትዉ? ጽውጽዋይ ንምንታይ ይጠቅም? ኣይዋ ጽውጽዋይ እናዘናግዐ ይመኽርን ይምህርን። ዝበዝሕ ግዜ ብእንስሳታት'ዩ ዝውከል። ብርግጽ እንስሳታት ኣይዛረቡን'ዮም ። ብእንስሳታት ኣምሲልካ ግን መልእኽቲ የመሓላልፍ። ንእግሪ መገድኻውን ምስ እንስሳታትን ባህሪያቶምን ትፈልጥ። ንኣብነት ማንቲለ ፍጥንቲ ጠበ ሕያወይቲ ፡ ፈረስ ዕገስ ፡ ገመል ተጻዋሪ ፡ ኑብሪ ጨካን ፡ ከልቢ እሙን ፡ ድሙ ተበላጺ ፡ ተመን ጎራሕ፣ ጸጸ ጻዕረኛ ፡ ንህቢ ህርኩት ፡ ጉብየ ህዱእ፣ ኣንበሳ ጅግና፡ ወኻርያ ጎራሕ፣ ዝበኢ ስሱዕ. . . እናተባህለ ይምሰሉ። እዚ ባህርያት ' ዚ ብርግጽ ኣብ ደቂ ሰብ ዘሎ'ዩ። ብእንስሳታት እናተካእካ ግን ይዝንቶ። እንስሳታት ብፍላይ ብቖልዑ ፍቱዋት ስለ ዝኾኑ ብኣኣም ኣቢልካ ክተዝንቶ ከሎኻ ዝያዳ ተምሳጦ ይፈጥር።

ንምዝጽጻር ክጥዕመኩም ሓንቲ ጽውጽዋይ ክዕግረኩም።

ሓደ ግዜ ጉብየን ማንቲለን ኣብ መገዲ ጎፍንካ ተራኸባ። ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ዕላል ጀመራ። ኣብ ሞንጎ ግን ማንቲለ ኣብ ልዕሊ ጉብየ ኣሾካዕላል ጀመረት። ብፍጡን ተፈጥሮኣን ባህርያታን እናተመካሐት ንጉብየ ግን ከም ዝተረግመ ፍጥረት ኣምሲላ ኣነኣኣሰቶ። ጉብየ ግን ንዘረበኣ ብህድኣትን ዓቕሊን ይምልሶላ ነበረ። "እሽኻ ጉብየ ምሳይ ክትዛረብ ኣየምዕረልካን'ዩ። ሰሪሕካ ኣይተሰልጥ ጎይኻ ኣይተምልጥ" በለቶ። ጉብየ ብጉያ እንተኾይኑ ክትቅድሞ ከም ዘይትኽእል ምስ ነገራ ክሱብ መዓንጥኣ ዝቖሰል ሰሓቕት ብጥዕንኡ'ውን ተጠራጠረት። "ጉብየ ጎታት ፍጥረትሲ ምሳይ ከም ንፋስ ዝውንጨፍ ማንቲለ ተቐዳዲምካ ክትስዕረኒ?" በለቶ ብኽቱር ምክሓ ተወጢራ። ጉብየ ግን ብህድኣት ክቐድማ ከም ዝኽእል ብትብዓት ገለጸላ። በዚ ክከራኸሩ ድሕሪ ምጽናሕ ኩሎም እንስሳታት ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ቅድድም ክግበር ተሰማምዑ። ማንቲለ "ኣይ ኣብ ቅድሚ ኩሎም እንስሳታት ድኣ ክትዋረድ እምበር ንዓይ ንማንቲለ ክትቅድመኒ ዘይሕሰብ'ዩ" ብምባል ብንዕቀት መለሰትሉ። ድሕሪ ገለ መዓልታት ኩሎም እንስሳታት ኣብ ሞንጎ ጉብየን ማንቲለን ንዝካየድ ቅድድም ክዕዘቡ ተኣኪቦም።

ኢያ ኣንበሳ ከኣ ከም ዳኛ ተረቚሒ'ሞ ካብይ ናብይ ከም ዝበጽሑ ምልክት ተሓንጺጹ ፈሰካ ተፈነወ። ማንቲለ ብቕጽበት ከም ንፋስ ተወንጨፉ ጎያያት ኣብ ሞንጎ ግልጽ ኢላ ንጉብየ ርእየቶ'ሞ ብንዕቀት "እዚ ጎታት ኣብይ ከየርከበ" ኢላ ልባ እናተዛንጋዕት ኣብ'ቲ ናይ መውዳእታ ሕንጻጽ ከይበጽሐት ግምሰስ በለት'ሞ ድቃስ ጠለማ። ጉብየ ብህድኣት ጥሒሱዋ ብምሕላፉ ኣብ'ታ ናይ መውዳእታ ሕንጻጽ ምስ በጽሐ ኩሎም እንስሳታት "ዓሽ ጉብየ" እናበሉ ድሙቕ ጣቕዒት ምስ ኣስምዑ ማንቲለ ብቕጽበት ካብ ድቃሳ ተበራቢረት'ሞ ንጉብየ ምስ ረኣየቶ ብሕንከት ኣብ እትኣትዎ ጠፍኣ ብኡ ኣቢላ'ውን ተሸሪባት ይብሃል።

ፍቱዋት ደቀይ ካብ'ዛ ጽውጽዋይ እንታይ ትመሃሩ? ኣይዋ ብህድኣት ኣብ'ቲ እትደልዮ ዕላማ ከም ዝብጸሕ'ዩ። ታህዋኽ ግን ብኣንጻሩ ካብ ዕላማኻን መገድኻን ከም ዘስሕት'ዩ። እዚ ጥራይ'ውን ዘይኮነ ሳዕቤን ትምክሕቲን ትዕቢትን ውድቀት ካብ'ዛ ጽውጽዋይ ክትርድኡ ትኽእሉ። ከም ዘውድቕ ብኣንጻሩ ትሕትናን ትዕግስትን ከኣ ናብ ዓወት ከም ዘብጽሕ'ዩ። ስለ'ዚ ህዱኣትን ትዕግስተኛታትን ድኣ ኩኑ።




## ናፊቐኪ ቤት ትምህርተይ!

ቤት ትምህርተይ ካልኣይቲ ቤተይ፥
ፍልጠት ዝቐሰመልኪ ዝኸውን ንህይወተይ፥
ዘይትምኖ ምቕርቲ መኣደይ፥
ብሓቂ ናፊቐኪ ከምታ ፍቕርቲ ወላዲተይ፥
ቤት ትምህርተይ!
ንሰኪ'ኸ ትናፍቕኒዶ ከምዚይ?
ንሰኪ ጽላለይ ንሰኪ ክብረተይ
ንሰኪ ጸግዐይ ንሰኪ ትንፋሰይ
ንሰኪ ክዳነይ ንሰኪ ሩሐይ፥
ቤት ትምህርተይ!
ምስ'ቶም ደቂ ክላሰይ ዝሕለፍክዎ ፍቕሪ
ፍጹም ኣይርስዖን ለይቲ ኮነ ቀትሪ።
በሊ ቤት ትምህርተይ ድሓን ክረሚ
ብሰላም የራኽበና ይግበረልና ከኣ ከም ዓሚ
ተማሃራይ ዩኤል ጸሃየ

# ዕላል ምስ ሃብሮም

## "ኣብ ቶፕ 10 ናብ ብልጫ ክሰምርየ ጽዒረ"



ሶልያና ተ/ማርያም ትበሃል ። ሶልያና ጓል 11 ዓመት ኮይና ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዓወት ተማሃሪት 5ይ ክፍሊ'ያ። ካብ 50 ተማሃሮ 3ይ'ቲ ተርታ ብምውጻእ ብልጫን ናይ ዝተዓወተትሉ ፍሉይ ምስክር ወረቐትን ተቐቢላ ብዘኩኣድ ነጥቢ ናብ 6ይ ክፍሊ ሓሊፋ። ሶልያና ሓንቲ ካብ'ቶም ብትምህርቶምን ጠባዮምን ዝኩኣዱ ተማሃሮ'ያ። ሶልያና ካብ ቀዳማይ ክፍሊ

ጀሚራ ምስ'ቶም top ten ዝኾኑ ተማሃሮ ክትወዳደር ድሕሪ ምጽናሕ ብልጫ ክወስድ ኣለዋ ብምባል ኣበርቲዓ ስለ ዝጸዓረት 3ይቲ ክትወጽእ ክኢላ። ቀዳመይቲ ክትወጽእ'ያ ምሉእ ዓመት ጸዒራ። እቶም ቀዳማይን ካልኣይን ኮይናም ዝተዓወቱ ተማሃሮ ብሓደ ክልተ ነጥቢ ጥራይ ስለዝቐደምዋ ግን ሳልሰይቲ ወጺኣ። ኣብ መጻኢ'ውን ቀዳመይቲ ክትወጽእ ኣበርቲዓ ከም እትጽዕር ነጊራትና። ሶልያና ምሉእ ሰሙን እተጽንዖሉ ንሰደርኣ እትሕግዘሉን ምስ መሓዙታ ይኹን ምስ ኣሕዋታ እትዘናግዐሉን ፍሉይ ግዜ ኣለዋ። ሶልያና ንኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ሓደ ግዜ ኣይተጽንዖን'ያ ንኣብነት ሰኑይ ቋንቋን ኢንግሊሽን ተጽንዕ ፡ ሰሉስ ዓረብን ትግርኛን ረቡዕ ድማ ስነ ፍልጠትን ጆግራፊን ተጽንዕ ። ዝስዕብ መዓልታት'ውን ብኸምኡ ትቕጽል። እተጽንዓሉ እዋን ክልተ ሰዓታት ኮይኑ ዘይተረድኣ ምልክት እናገበረት ነሕዋታ ወይ ንሩዓት'ዮም ንእትብሎም ደቂ ክፍላ ትሓትት። ሶልያና ዝበዝሕ ግዜ በይና'ያ እተጽንዕ። ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ደቂ ክፍላ ኮይና ምጽናዕ'ውን ብልጫ ኣለዎ ትብል። ሶልያና ብዘይካ'ቲ ኣብ ክፍሊ እትመሃሮ ናብ ቤተ መጻሕፍቲ እናኸደትን ካልእ ወለዳ ዝገዝኡላ ከም ናይ ጽውጽዋያትን ዛንታታትን ዝኣመሰሉ መጻሕፍቲ'ውን ምንባብ ትፈቱ። ሶልያና ወለዳ ክሱብ ናብ'ቲ እትመሃረሉ ቤት ትምህርቲ እናኸዱ ኩነታታ ይሓቱ ኣብ ገዛ'ውን እንታይ ከም ዝተማህረት ይሓቱዋ። እዚ ከኣ'ዩ ንኽትነፍዕ ሓጊዞዋ።

ሶልያና ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ቀዳምን ሰንበትን ንዘወጽእ ዓምዲታት ተርመማን ሰንበት ምስ ቆልዑን ትከታተሎ'ያ። ገለ ካብ'ቲ ኣብ'ቲ ዓምዲ ዝወጹ ትሕዝቶታት ከም ጽውጽዋይ ፡ ወግዒ ኣቦይ ያሲን ናይ'ቶም ብቴሌፎን ዝዘራረቡ ክልተ ቆልዑን ፡ ንመለበሚን ዘርእሱቱ ጽሑፋት ከም ዝምስጣ ኣዕሊላትና። ሶልያና ናይ ክረምቲ ግዜኣ ኣብ ገዛ ነዲኣ ኣብ ምሕጋዝ፥ ድሕሪ ቀትሪ ድማ ንዘቕጽል ደረጃ ትምህርታ ዝሕግዛ ክረምታዊ ትምህርቲ ኣብ ምክትታልን ምስ ኣሕዋታን መሓዙታን ኣብ ምጽዋት ተሕልፎ። ሶልያና ሰሓቕ ጸወታ ንዓበይቲ ምኽባርን ምሕጋዝን ትፈቱ። ሓሶት ሰርቂ ባእስን ቀይቒን ትጸልእ። ንዓመታ ቀዳመይቲ ክትወጽእ ከኣ ካብ ሕጂ ጀሚራ ትጽዕር ኣላ።

## ኣህጉራዊ ፊደላት እንግሊዝኛ ብምልክት ኣጻብዕቲ

